# ነቲ ናይ መጀመርታ: መወዳእታ ካልኣይ ትንሳኤ ባቢሎን:
# ኣብ ኤርትራ!!!

ሰላም ከመይ ቀኒኹም:: ንነዊሕ እዋን ጽሑፋትና ኣቋሪጽና ጸኒሕና ኢና: ዝበሃል ሲኢና ዘይኮነ: ዝደራረብ ዘሎ ዝተሓላለኸ ጉዕዞ ዳህሳስ ከባቢናን: ውሽጢ ልብናን ምፍታሽ ስለ ዝደለና ኢዩ:: እቶም ክስተታት ብዙሓት ኢዮም:: ነትን ከይመለስካ: ናብትን ከይሓተትካ: በዚን ከይፈተሽካ ማዓልቦ ንምብጻሕ ዘድልዮም ውስጠዘታት: እልቢ! እልብታት!!! ኮይኖም ናብ ዝዝፍዘፍሉ ዘለዉ ዘመን: ኪኖ ጽን ኢልካ ምስትውዓል: ገጥ ኢልካ ትሓልፎም ጥራይ ዘይኮነ: ምጥርጣር ልብታትና ኣዋዲድና: ንጠርጠራና ናብ ጭቡጥ ሓቂ ንምምጻእ: ብድሆ ንብለሉ ህሞት ኢዩ እዚ ህሞት እዚ::

ትማሊ ኤርትራ ክውንቲ ንምግባር ኣብ እነካይዶ ዝነበርና ደማዊ ቓልሲ: እቶም ኣብ ውሽጥን ግዳምን ዝነበሩ ጸላእትና ኣብ ሰብ ሰርሖ መነጽር ከይተጸበና: ነቶም ኣሳሰይቲ ኾይኖም ወትሩ ንኽለኣኹ ጥራይ ዘምሕረሎም: ነታ እንኮ ምህላዎም 'ውን እንተኾነ ኣብ ትኳቦን ውህብቶን ዝሰርዑ: ናይ ባዕሎም ሓሳብ ዘይብሎም ስርዓታት ኢትዮጵያ: ኣብ ውሽጢ ህዝቢ ኮይኖም በቲ ሄልመት ዝወደየ ኣራእሶምን ኪሎታት ዝምዘን ዝረግጽሉ ዶግዲግ ወትሃደራዊ ጫማን ህዝቢ ኤርትራ ከይተዳህለ: ንእሾኽ! ብእሾኽ!!! ነቒሱ ክስዕሮም እንከሎ: ናይ ርሑቕን ቀረባን ጸላእቱ ብዝግባእ ኣለልዩ ኢዩ ዝቃለስ ነይሩ:: ዊንታ ገድልን መስገደልን ሚዕርዎ ዘይኮነ: ከም ዝምዕር ገይሩ ስለ ዝተቓለሰሉ: ተጋዳላይ መዓልቦ ናይ'ታ ዝውንጭፋ ዝነበረ ሓባሪ ጥይት: መዋድቕ ናይ'ቲ ዝውርውሮ ዝነበረ ቦምባ ኢድን: ብስቕሎ ዘሐምብቦ ዝነበረ መዳፍዕን: ክንደይ የውድቕ? ክንደይ ይቕትል? ትርፌ ኽ ክንደይ ይማሪኽ? ገድሊ ዘይኮነ ህዝቢ ስለ ዝነበረ ኢዩ: ኪኖ እቶም ለኣኽቲ ስርዓታት ኢትዮጵያ ንዘለዉ ተጻባእቲ ደርማስ ሓይልታት ዓለምና ዝጽውዑ: ክልተ ደምበ ምብራቕን ምዕራብን: ሓይልታት ናይ ትማልን ሎምን ጉጅለ ሰብ ፍሉይ ረብሓን: ንኻሊኢት 'ውን ሰኺኽ ከይበለ: ነዛ ናይ ሎሚ ኤርትራ ክውንቲ ንምግባር ዝበቕዐ::

ሓንከርትና ቅድሚ ገድልን መስገድልን ብብዙሕ ኢዮም ፈቲኖምና: ምህላውና ስለዘይመዓሮም ኣብ'ዛ እንኪሒራ ዓለም: ከም ሕጊ ዓሳ ከይሰሰና ንኽውሕጡና ሃቂኖም ጥራይ ዘይኮነ: እዚ ቓልን ግብርን እዚ: ናይ ትማሊ ዝኽሪ: ንናይ ሎሚ ታሪኽ መሐበሪ ዝኾነና ወስታ ናይ'ቲ ክንመውት እንተዘይተኻኢሉ ድማ: ድምጽና ንመዋእሉ ንኸይስማዕ ክንዕበጠሉ ዝተዋደደ መሸርጓና ዓመጽቲ ዝኾነ ዊዲት ማእለማኦም ምድህሳስ: ንከይዲ ጽባሕና ዘርህው: ንጽዋእ በርከትና: ኪኖ ሎሚ ንጽባሕ ጥራይ ዘይኮነ: ንዘንተ -ዓለም ወ-ዓለሙ ዘንብረና: መጻኢ ወለዶና ቑዱይ ሽሻይ ዝቋደሰሉ: መወዳእታ ናይቲ መጀመርያ ዝኾነ ታሪኽ እንተዳህሰስና: መሰለትና ንምጽብባቕ ዘይኮነ: መራሺ ጉዕዞና ነቲ ነባሪ ህንጸት ምዕባሌና ዝኾነ ህየሳ መጻኢ መደባትና ንምሕንጻጽ ንኽጥዕመና ኢዩ:: ንኺድ ጥራይ!!! መኼዳና ግን: ምዕራፍ ጅምርን ፈጽምን ዘለዎ: መትከላዊ ዕላማ ኢዩ::

ራውያ ኣብ ባሕሪ ሓምቢሱ ዝበሃለሉ ጽውጽዋይ ኣይኮናን ዘለና:1 ይ ስርሒት ባቢሎን ኣብ ቁዱሳት መጻሕፍቲ ተነጊሩሉ ተሓሊፉ ኢዩ:: ሎሚ ጌና ኣብ'ቲ እነናሻዕ ዝቕጽል ዘሎ መድርኽ ፍጻሜ 2 ይ ባቢሎን ኮይና: ሰደቓ ሓቅታት ኣብ ኢድና ጨቢጥና ንሚጎተሉ እዋን ኢና ዘለና: ክንዲ ዝኾነ ኣብ'ዚ ናይ ሎሚ እነቕርቦ ጽሑፍና: ከም'ቲ ልዕል ክብል ሂብናዮ ዘለና ኣርእስቲ ምርኩስ ገይርና ኢና ክንዝቲ:: ዘተና ግን: ዘተ ንስለ ዘተን ሞጎተን ዘይኮነ: ንስለ ርትዕን ጽንዕን: ንስለ ድሕነት ትማልን ሎምን ኢዩ:: ኤርትራ ክትህሉ ኣለዋ ኢዩ እምንቶና!!! ኣይፍለጥን መን ከ ኣይትሃሉ ኢሉዋ ዲዩ? ዝብሉ: ንልቦም ብእግሮም ዝሓምተልዋ: ንዓይኖም ምእንቲ ንኻልኦት ከሐጉሱ ኣብ ክንዲ ብሓቐቕ ማይ: ብዝመጭቀረ ሽብጢ ሓጺቦም ብዘዕወርዎ ዓይኖም ዳህሲሶም እንዳሰማዕናዮም እንከለና: ኣይፋል ንስኹም ድኣ ዘየለኹም: ኣይረኸብናኩምን ዝብሉናስ ኣይተሳእኑን: ብቐደሙ 'ውን ምህላውና ዝዓርዖሮም ሰብ ሕንቕትና ድኣ: ከመይ ቢልና ክንረኣዮም:: ከመይ ቢልናኽ ክንምዕሮም:: እቲ ጸገም እኮ መዓርኩም ሃቡና እሞ: እቲ ንህበኩም ዓንዴል ዕረ: ፍሽኽታ ወሲኽኩም ወሓጡ ኢዩ ዘየሳንየና ዘሎ:: ንሶም ፍሑኽ ፍሑኽ ኢሎም ዝተኸለዎ እግሪ: ኣይፋል ንዘለኣለም ምጉርባስ ኢዩ ዘጸብቐልኩም እንክብሉና: ተሪርናዮም እንተፈቐዱ 'ዉን: ኪኖ ድንን ምባል ክሳድኩም ኣይተቕንዑ ዝብሉ: ንኾኾብ ብኢዶም ክጭብጡ ዝደናደኑ: ናይ ዘበና ፎርኦናት እንተገጠሙናኸ: ንጎልያድ እኮ ዳዊት ኢዩ ስዒርዎ:: እቲ ምስዓር ግን: ጽውጽዋይ ኣይነበረን:: እምንቶ ሓቅነቱ እምበር: ውዕለት መዓልቲ ኣይነበረን:: ንፎርኦን 'ውን ኣብ ሓቂ ዝጸንዐ በትረ ሙሴ ኢዩ ደምሲስዎ:: መልሓስ ትኸስስ ኣላ: ዋና እንተረኺባ ኸኣ: ብመልሓስ ከይትፍረድ ዘስተብሃለት ኣይትመስልን: ጸወታ ገበጣ ኣብቂዑ ኢዩ:: ሕጂ ውን ክንጠራጠር ናይ ግድን ኢዩ:: ምጥርጣርና ግን: ሰዓርን ተሰዓርን ኣይኮናን ክንርኢ ንህንጠ ዘለና: ጸብለልታ ሓቅን ፍትሕን ኣብ ቅድመና ከቃልሓ ኢና: ምልኣት ልብና ክንርኢ ኣርሒና ዘለና::

ኣቦታትና ኣብ መሬት ዘይወድቕ ዘረባ ኢዮም ዝዛረቡ: ምኽንያቱ ካብ ምህሮስ ኣእሙሮ 'ውን እኮ ተባሂሉ: "ቀሺ ገበሮን ኢልካ ኣይትግበር: ቀሽን ዝበለካንከ ግበር::" ኢዩ ነገሩ: ወያ መሰል ኣህዛብ ጥራይ ዘይኮነ: መሰል ውልቀ ሰብ 'ውን: ብደሞክራስያዊ እምንቶ ክኽበረሉ ኣለዎ ኢላ ልዕሊ መድግም ዘረባ መቓልሕ ሞግስዕ እትመልስ: ከም ኣደን ኣቦን ደሞክራሲ እትስመ ኣመሪካ ኢያ: ንህዝቢ ኤርትራ ደሞክራስያዊ መሰሉ ብሓይሊ ብምዕፋን: ናብ ዲቕ ዝበለ ጸልማት ክትሸሞ እንከላ: ኣቐዲማ ዘሕለፈቶ ውሳይ ነይሩዋ ኢዩ:: ኣይቀደዋን! ልኡኻታ ከም ልቦም ኣይተዓወቱን እምበር: ሓድሕዳዊ ደም ምፍሳስ ህዝቢ ኤርትራ ብጊሓቱ ንምርኣይ ዓይና ኣይሓሰየትን: ስለ ዝኾነ ኢዩ ኸኣ: ኤርትራ ሊቃውንታ በጃ ዝኸፈለት::

## ሸኽ ዓብደልቓድር ከቢረ


## ኣቶ ወልደኣብ ወልደማርያም





ኤርትራ ማህጸና ዝነጽፍ ኣይነበረን: ሓደ ካብ'ቶም ማህጸን ኤርትራ ዘፍረየቶም ሓርበኛታት ኣቦታት: ስዉእ ሓርበኛ ኣቦና ዓብደልቓድር ከቢረ ኢዮም ነይሮም:: ስዉእ ሓርበኛ ኣቦና ዓብደልቓድር ከቢረ: ሓደ ካብቶም ዓቢ ተሰማዕነት ዝነበሮም: ወናኒ ልዑል ንቕሓት ኢዮም ዝነበሩ:: ኤርትራውያን ኣይነፋዕናን: ኣብ ውሽጠና ዘሎ ሕቡእ ወርቃዊ ታርኽ ኣብ ክንዲ እንብርብር: ናትና እንብሎ ገዲፍና: ኪኖ ኣፍ ደገ ገዛና ዘሎ ምጽራይ ኢዩ ዝቐለና ዘሎ: ምኽንያቱ ቀደሙ 'ውን እኮ ተባሂሉ ኢዩ: ነቢዩ ኣብ ዓዱ ኣይከብርን'ዩ ዝብል እቲ መጽሓፍ:: ናይ ዘበና ዘለዉ ምሁራትና: ኣብ ክንዲ ብቑስልና ዝምህሩና: ብቓንዛ ባዕዲ ክንደናገጽ ኢዮም ዝገብሩና ዘለዉ: ናይ'ቲ ምእንታና ዝተሰውአ ክቡር ሓርበኛ ስውእ ዓብደልቓድር ከቢረ ካብ ምትራኽን: ኩነታት ኣቀታትላኡ ካብ ምፍታሽን ምጽራይን ምብርባርን: ናይ ኢትዮጵያዊ ጀነራል መንግስቱ ንዋይ ፈተነ ዕልዋን: ኣቀታትላኡን ክጸውዩን: ናይ ጆን ኤፍ ከነዲ ፕረዚደንት ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ነበር ኣማውታ ከጻርዩን: ንቕትለት ማርቲን ሉተርን ጥቕስታቱን ክትንትኑ ምራቖም ነጺፉ: ክሳብ መባልዖ ኣፎም ዝጠፍኦም ኢዮም ዝትንትኑ: ኣብ ክንዲ 7 ግዜ ፈተነ ቅትለት ሓርበኛ ኣቦና ኣቶ ወልደኣብ ወልደማርያም ክትርኹ: ናይ ፊደል ካስትሮ 24 ግዜ ፈተነ ቅትለት ከዘንትዉ ዘግባእባኣሎም ይመስሎም: ኣብ ክንዲ ናይ ሓርበኛኣቦና ሸኽ ኢብራሂም ሱልጣን ህድና ማእሰርቲ ስርዓት ኢትዮጵያ ክፍትጉ ዝፍትኑ: ናይ ቢንላዲን ጭርጭር

## ሸኽ ኢብራሂም ሱልጣን



ዓበደ ኣሜሪካ ቪድዮ ክሊፕን: ናይ ፈርንሳዊ ካርሎስ ብመንግስቲ ሱዳን ናብ ፈረንሳ ምርካብን: ናይ ኩርዱሽ ምንቅስቓስ ኦጃላን ክዕዘቡን ክትንትኑን ባህ ይብሎም:: ኣብ ክንዲ ናይ'ታ ኣብ እዋን ፈደረሽን ብኣባል ባይቶ ኤርትራ ሓርበኛ ኣቦና ደግያት በየነ ዛህላይ ዝተሳእለት ሰመያዊት ባንዴራ: ንቅብኣ ትርጉማ መዝጊቦም ምስ ቁጽሪ 68 ዘለዋ ታሪኻዊ ዝምድና ገሊጾም ዘድንቑ: ንቕብኣ ስእልታት ፒካሶን: ዓለማዊ ጨረታኦምን ኣልዒሎም ዳግማይ ምወረቑ: እቲ ጾዖት ሪሒቕካዮ ዝእለ ኢዩ ዝመስሎም: ጾዖትና ግን ንዘሕለፍናዮ መሪር ተጋድሎን ታሪኽን ኪኖ ዘብረቕርቕ ወርቂ: ብድምቀት ናይ ዝተኾልዐ ዘይብረዝ ስልማት ኣልማዝና ምኧኑ እንተዝርዱኡልና: ንስዉእ ሓርበኛ ዓብደልቓድር ከቢረ ከም ስሙ ክቡር ዋጋ ሂቦም :ልዕሊ ኣብ ኑክሩማን ኣየንደን ዝተፈጸመ ኣሰቃቒ ቕትለት: ኣብ'ዛ ደቃቕ ግን ገዚፍ ሓሳብ ዘለዋ ሃገረ ኤርትራ ዝተፈጸመ ቅትለት ስዉእ ሓርበኛ ኣቦና ዓብደልቓድር ከቢረ: ነቲ ናይ ትማሊ ጸልማት ዘርሓወ: ናይ ሎሚ ብርሃን ኣብ'ዛ ቀርኒ ኣፍሪቃ ምኻኑ: ንዓለም መስተምሃርዋ ነይሮም:: ስዉእ ሓርበኛ ኣቦና ዓብደልቓድር ከቢረ: ዝንኡን ክብረቱን ሓደ ካብቶም ሉልያት ምርኡያትን ምንባሩ: ህያው ነባሪ ሕሉፍ ታሪኹዩ ምስክሩ:: ኣብ ሃገራት ዓረብ ብፍላይ ከኣ: ንጉስ ስዑድያ ፈይሰል ቢን ዓብዱልዓዚዝ ንከቢረ: ብናይ ቅብጥሮት ኣጸዋውዓ:- (ከቢረል-ኣል-ምስዋዕ) ኢሉ ኢዩ ዝጽውዖ ነይሩ:: እዚ ክሳብ ክንድ'ዚ ክብረትን ርዝነትን ፍልጠትን ዝነበሮ ኤርትራዊ ሊቕ ከቢረ: መልእኽትን ድልየትን ህዝቢ ኤርትራ ናብ ኒውዮርክ ዝርከብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ንኸብጽሕ ቅድሚ ምብጋሱ ዝነበረ ሰሙን: ናይ ኢትዮጵያ በዓል ስልጣን ኣኽሊሉ ሃብተወልድ: ምስ ብሪጣንያዊ ብሪጋደር ጀነራል ኮክን: ናይ'ቲ ቅትለት ቀንዲ ሃንዳሲ ዝነበረ ጀነራል ሰር ዊልያም ፕላት ኮይኖም: ብዛዕባ እዛ ጌና ርእሶም ዝሕንሕኑላ ዘለዉ ኤርትራ ንዘለዎ መርገጽ ፖለቲካዊ መስመር ክበትኽን: ነቲ ናብ ኒው-ዮርክ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ድምጺ ህዝቢ ኤርትራ ንኸስምዕ መዲብዎ ዘሎ መገሻ ከቋርጽን መኺሮሞ ጥራይ ዘይኮነ: ኣገዲዶሞ 'ዉን ኢዮም ነይሮም:: ከቢረ ግን: ዕላማ ትማልን ሎምን ስለ ዝነበሮ: ኤርትራ ክትህሉ ኢያ ኣብ ትሕቲ ዝብል መትከላዊ እምነት ኢዩ: ነቲ ዝሃብዎ ተግሳጽን ምኽርን ምቕባል ኣብዩ ኣቕቢጽዎም: ከይጃጀወ ዋጋ ዝኸፈለሉ:: ብድሕሪ እዚ ኢዮም ከኣ: ጸሓፊ ትእዛዝ ኣኽሊሉ ሃብተወልድን ብሪጋደር ጀነራል ኮክን ጀነራል ውዊልያም ሰር ፕላትን ንኮሎኔል ነጋ ሃይለስላሴ ኣዘራሪቦሞ: ኣብ ድሮ ናብ ኒው-ዮርክ ምብጋሱ ዝነበረ ብዕለት 27 መጋቢት 1949: ከቢረ ብተለኣኣኽነት መንግስቲ ኣሜሪካ: ብሃሱሳት ስርዓት ሃይለስላሴ ኣብ ማእከል ኣስመራ ዝተቐትለ: ቅድሚ እዚ ቕትለት እዚ: ብሪጋደር ጀነራል ኮክን ጀነራል ሰር ዊልያም ፕላትን ምስ ሰበ ስልጣን ማእከላይ ወኪል ስለያ (ማወስ) ኣሜሪካ CIA: ኣብ ኣዲስ ኣበባ ተራኺቦም ክዘራረቡ እንከሎለው: ሓደ ካብ ሰበ ስልጣን ኢትዮጵያ: ጸሓፊ ትእዛዝ ኣኽሊሉ ሃብተወልድ ተረኺቡ ነይሩ:: ኣሜሪካውያን ይኹኑ ኢትዮጵያውያን ስርዓታት: ነዚ ሕቡእ ወርቂ ዝኾነ ታሪኽና ከም ሓድሕዳዊ ምቅትታል ጌርና ክንርድኦ ኢዮም ዝጽዕሩ:: ንኑክሩማ በልጂማውያን መጺኦም ኣይቀተልዎን:: እቲ ዊዲታዊ ኢድ ግን ናቶም ናይ በልጅማውያን ኢዩ ነይሩ:: መቕተልቲ ከቢረ ኸኣ: ኣሜሪካውያን ኣብ  መስርሕ ምቕታል ሓርበኛ ስውእ ዓብደልቓድር ከቢረ: ንሕና የለናሉን: የእዳውና ከም ጲላጦስ ሕጹብ ኢዩ ኢዮም ክብሉና ዝደልዩ: ሰብ ፍሉይ ረብሓ ክፈልጡልና እንደልዮ ነገር እንተሃልዩ ግን: ሓደ ኢዩ:- "ጎራሓት ኣይኮናን: ግን ንጎራሓት እነለልን እንፈልጥን ምኧና: እንተዝግንዘቡ:" መንገዶም መተዓራረዩ ነይሮም:: ንኺድ ጥራይ ምትዕሪራይሲ ኣበይ ክተርፎም ደልዩ::

## ጀነራል ሰር ዊልያም ፕላት



ጀነራል ሰር ዊልያም ፕላት: ብዘ-ካይድ (The Kaid)ዝብል ሳጓ'ዩ ዝፍለጥ: ብዕለት 14 ሰነ 1885 ኣብ ብሩክላንድስ ቸሺረ ዓባይ  ብሪጣንያ ተወሊዱ: ብዕለት 25 መስከረም 1975 ኣብ መበል 90 ዓመት ዕድሚኡ: ኣብ ሎንዶን ኢንግላንድ ዓባይ ብሪጣን ዓሪፉ:: ዜግነቱ እንግሊዛዊ: ዘመነ ኣገልግሎቱ ኣብ ሰራዊት: ካብ 1905 ክሳብ 1945 ካብ ተራ ክሳብ ብደረጃ ማዕርግ ጀነራልነት ዘገልገለ: ኣብ 2 ይ ቦጦሎኒ ዊልትሸር ረጅመንት: ካብ 1930 ክሳብ 1933  7 ይ ኢንፋንትረይ ብርጌድ: ካብ ወርሒ 10-1934-1938 ማእከላይ እዝን ጠቕላሊ እዚ ሰራዊት ብሪጣንያ ኣብ ሱዳንን: ማእከላይ እዚ ምክልኻል ሰራዊት ሱዳን ካብ ወርሒ 11 1938 ክሳብ ወርሒ 10 1941: ማእከላይ እዚ ጠቕላሊ ወትሃደራዊ ስታፍ ሰራዊት ቀርኒ ኣፍሪቃ: ካብ 1941 ክሳብ 1945 ወትሃደራዊ እዚ ማእከል ኩናት ኣተሓባባሪ ሰራዊት ቀርኒ ኣፍሪቃን: ልዕሊ 9 ኣዋርድ ሽልማት ዝረኸበ ምኩር ወትሃደራዊ ኣዛዝን: ሓያል

ፖለቲከኛን ኢዩ ነይሩ::


ጀነራል ሰር ዊልያም ፐላት: ነታ ናይ 40 ታት ኤርትራ የዕሚቑዩ ዝፈልጣ ነይሩ:: ምኽንያቱ ጀነራል ሰር ዊልያም ፐላት: ድሕሪ እቲ ኣብ ሱዳን ዝነበሮ ወትሃደራዊ መዝነት: ኣብ'ቲ ኣንጻር ፋሽሽታዊ ሰራዊት ኢጣልያ ዝካየድ ዝነበረ ሕቡር ኲናት: ነቲ ናይ ህንዲ 4 ይ ኢንፋንትሪ ድቪዥን መሪሑ ንከሰላ ድሕሪ ምቁጽጻሩ: መበገሲኡ ሱዳን ብምግባር: ብዕለት 18 ጥሪ 1941: ናብ ኤርትራ ብምቕናዕ: ብዕለት 28 ጥሪ 1941 ንኣቐርደት ካብ ኢጣልያ ነጻ ገይሩዋ:: ብድሕሪ እዚ ኸኣ: ነቲ ኣብ ዝሓየለ ዕርድን ቦታን ዓስኪሩ ዝነበረ ሰራዊት ኢጣልያ: ናብ ከረን ካብ 03 መጋቢት ክሳብ 01 ሚያዝያ 1941 ነቲ ኲናት መሪሑ: ኣብ'ቲ ኲናት ዓቢ ግደ ዝነበሮ ኢዩ:: ነታ ቀንዲ ርእሰ ከተማ ኤርትራ ኣስመራ ኸኣ: 5 ይ ህንዳዊ ኢንፋንትረይ ድቪጅን ከቆጻጸራ እንከሎ: ድሕሪ ኲናት ከረን ጀነራል ሰር ዊልያም ፐላት: ንህንዳዊ 4 ይ ኢንፋትንሪ ድቪጂን ናብ ምብራቕ ብምስዳድ: ናብ ግብጺ ክመልሶ እንከሎ: ኣብ 08 ሚያዝያ 1941 ንወደብ ምጽዋዕ ኢዩ ተቖጻጺርዋ:: ጀነራል ሰር ዊልያም ፐላት: ኣብ ሚያዝያ 1945 ኢዩ ካብ ውትህድርና ዓለም ጥሮታ ወጺኡ:: ካብ ቅድሚ 1941 ኣትሒዙ ንኤርትራ ንህልው ፖለቲካውን ወትሃደራውን ቁጠባውን ኩነታት ኤርትራ ብዝግባእ ዝከታተል ዝነበረ ጀነራል ሰር ዊልያም ፐላት: ድሕሪ ካብ ውትህድርና ዓለም ጥሮታ ምውጽኡ 1945: ኣብ 1949 ንህንደሳ ቅትለት ሓርበኛ ስዉእ ዓብደልቃድር ከቢረ ክሳተፍ ምምጽኡ: እቶም ዝረቖሕዎ ንኣፍልጦ ሚዛኑ ብግቡእ ዝከታተሉ ምንባሮም ኢዩ ዘነጽር:: ነዚ ጻዕዳ ኢዶም ሓቢኦም: ቆርበት ኢዶም ከርእዩና ዝደልዩ ግን ኣይንገራሃሎምን ኢና:: ምኽንያቱ ሰብ ኢዩ ምእንቲ ዕላማን መትከልን ዝስዋእ 'ምበር: ዕላማን መትከልን ንሰብ ኢሉ ከም ዘይስዋእ: ካብ ቀዳሞት ስለ ዝተማሃርናዮ: ታሪኽ ግን ንምትንታና ይነውሕ 'ምበር: እታ ሓቅስ ኣይትቕበርን ኢያ:: ድሮ 'ኳ ናይ ስዉእ ሓርበኛ ከቢረ ክገሃደልና ጀሚሩ ኣሎ:: እዚ ኣብ ኤርትራ ዘሎ መሪሕነት: ጽንዓት ሓይሉ ኣብ ሓሳቡ ከም ዝኾነ ዘግህድ ዘሎ ቅርሲ ኣሎ: ንበርብር ጥራይ: ንኺድ ማዕልቦ ኣለዎ መንገድና::

## ኣኽሊሉ ሃብተወልድ



ጸሓፊ ትእዛዝ (ሚኒስተር ብርዒ) ኣኽሊሉ ሃብተወልድ: ሓደ ካብ ሰበ ስልጣን መግዛእታዊ ስርዓት ንጉስ ሃይለስላሴ ኢትዮጵያ ኮይኑ: ቅድሚ ጸሓፊ ትእዛዝ (ሚኒስተር ብርዒ) ኮይኑ ምሻሙ: ካብ **1941-1958** ከም ሚኒስተር ወጻኢ ጉዳያት ኮይኑ ዘገልገለን: ኤርትራ ናብ ፈዴረሽን: ቡኡኡ ኣቢላ ኸኣ ናብ ኢትዮጲያ ክትልሕቕ: ብጽዑቕ ካብ ዝሰርሑን: ኣብ ዝቐጸለ ዘበነ ስልጣኑ ኸኣ: ከም ቀንዲ ኣማኻሪን ወሃቢ ቃልን ጸሓፍን ኮይኑ ዝሰርሕ ዝነበረ ነባር ፖለቲከኛ ኢዩ:: ኣብ ጉዳይ ኤርትራ ብዝምልከት ከኣ: በቲ ንጉስ ንዝውሰድ ዝነበረ ተሪር መርገጺ ካብ ምኻድ: ንኤርትራውያን ኣብ ሓድሕዶም ከፋፊልካን: ናይ ምትእምማንን እምነ ኹርናዕ ሓድነት ዝኾነ ተኽባቢርካ ናይ ምንባር ባህልን ልምድን ከም ዝሰበር ጌርካ: ነቲ ሓድነት ምስ ኣፍረስካ: ንኤርትራ ብዘይዝኾነ ይኹን ጸገም ናብ ኢትዮጵያ ከተልሕቓ ትኽእል ኢኻ ዝብል ሓሳብ ክነብሮ እንከሎ: በቲ ሓደ ኸኣ: ነቲ ናይ ኤርትራውያን ናይ ብዙሕነትን ተኻኣኢልካ ምንባርን ባህሊ: ብሃይማኖትን ኣውራጃን ዓሌትን ከፋፊልካ ከም ዘይሰምሩ ምግባር ዝብል: እከይ ዊዲት 'ዉን ሒዙ ኢዩ ዝሰርሕ ነይሩ:: ነዚ ዕላማ እዚ ንምውቃዕ ካብ ዝተጸወቶ ተራ ኸኣ: ጸሓፊ ትእዛዝ ኣኽሊሉ ሃብተወልድ ኣብ ዊዲታዊ ህንደሳ ምቕታል ስዉእ ሓርበኛ ዓብደልቃድር ከቢረ ንምትግባሩ ዝምልከት: ሰብ ኣብ ምርጃሕን ቀጢን ትእዛዝ ኣብ ምትሕልላፍን: ነቲ ዊዲታዊ ተልእኾ ምስሉ እንታይ ክሸውን ከም ዘለዎ: ምስ ቀንዲ ለኣኽቱ ኣባላት ማወስ **(CIA)** ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካን ናይ ዓባይ ብሪጣንያ ሉኡኻትን ብምምይያጥ: ነቲ እከይ ውዲት ካብ ዘተግበሩ ሓደ ኢዩ::

## ኮሎኔል ነጋ ሃይለስላሴ



ኮሎኔል ነጋ ሃይለስላሴ: በመንግስቲ ኢትዮጵያን ምምሕዳር ዓባይ ብሪጣንያን: ላይዞን ኦፊሰር ተባሂሉ ተመዚዙ ኣብ ኤርትራ ዝነበረ ዓስከር ኢትዮጵያ ኢዩ:: ኮሎኔል ነጋ: ቅድሚ ወግዓዊ ላይዞን ኦፊሰር ኮይኑ ምምዛዙ ኢዩ: ናብ'ዚ ውዲታዊ ቅትለት እዚ ንኽሰርሕ ተመዚዙ ናብ ኤርትራ ዝኣተወ:: ከም'ቲ ልዕል ክብል ዝተገልጸ: ካብ ጀነራል ሰር ዊልያም ፐላትን: ብሪጋደር ጀነራል ኮክን: ጸሓፊ ትእዛዝ ኣኽሊሉ ሃብተወልድን ብዝተዋህቦ መምርሒ መሰረት: ንስዉእ ሓርበኛ ዓብደልቃዲር ከቢረ ጥራይ ኣይኮነን ቀቲሉን ኣቕቲሉን:: ኣብ ቀንዲ ፈተነ ቅትለት ሓርበኛ ኣቦና ወልደኣብ ወልደማርያምን: ኣብ ምብትታን ዋዕላ ቤተ-ገርግሽን ዋና ዝነበረ ምኻኑ ምስ እንዝክር: ሰብ ፍሉይ ረብሓ ሎሚ ዘይኮነ: ጌና ምህላውና ከነረጋግጽ ኢልና ፍሕት ካብ ዝበልናሉ እዋን ኣትሒዞም: ይጸናተዉናን ይጻቡእናን ምንባሮም ኢዩ ዘግህደልና:: ቀባሪ ነብሱ ኣብ ልዕሊ መቓብር ዝብልኹም ከም'ዚ ኢዩ:: ንኺድ ጥራይ! መንገድና ግን ጌና ማዕልቦ ኣለዎ: ራሓ ንኾነሉ በርሃው ዝበለ ግዜ ጽባሕ ኢዩ!!!

ዕላማ ቅንጸላ ሓርበኛ ዓብደልቃድር ከቢረ: ነቲ ሒዝዎ ዝነበረ ናብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ከብጽሖ ዝመደበ መልእኽቲ ንምኹላፍ ጥራይ ኣይነበረን: ነቲ ምምሕዳር ብሪጣንያ ምስ ስርዓት ኣዲስ ኣበባ ውዲት ብምግባር: ኣብ ሞንጎ እቲ ስሙር ህዝቢ ናይ ሃይማኖት ግርጭት ብምብላሕ: ሓድሕዳዊ እምነቱ ከም ዘጥፍእ ብምግባር: ኣብ ክንዲ ብሓደ ኮይኑ ንጸላእቱ ዝብድህ: ኣብ ሓድ-ሕዱ ንኽፋለስን ክናቖትን ኢዩ ነይሩ እቲ መደብ::



ኣብ ለካቲት 1950 ናይ ዝሃለቑ ዜጋታት ስነ ስርዓት ቀብሪ ዝተኻየደሉ ዘርኢ ስእሊ

ከም ውጺኢቱ ኸኣ: ድሕሪ እቲ ተደጋጋሚ ፈተነ ዓባይ ብሪጣንያን: ጉጅለ ፍሉይ ረብሓን: እቲ ኣብ ምቕታል እዋን ዓብደልቃድር ከቢረ ዝተሓሰበ ሕንፍሽፍሽ ኤርትራውያን: ሳላ ለባም መግለጽን መደረን ስድራ ቤት ዓብደልቃድር ከቢረ ዝተሓሰበ ሓድ-ሕዳዊ ምቅትታል ክመክን እንከሎ:: ኣብ'ቲ ናይ ለካቲት 1950: ብሰንኪ ዝሰዓበ ቅትለት ሓደ ዜጋ ዝለሓመ ሃይማኖታዊ ምፍላስ ግን: ናይ ባዕሉ በሰላ ገዲፉ ኢዩ::ስነ ስርዓት ቀብሪ ናይ'ቶም ብነድኣዊ ድፊኢት

ውዲት ምምሕዳር ብሪጣንያን: ከዳሚ ስርዓት ሃይለስላሴን ብዝተወልዐ ሓድሕዳዊ ምቅትታል ሃይማኖት ምስልምናን ክርስትናን: ሳላ ለባም ኣተሓሕዛ ህዝቢ: ከም ድልየትን ሓሳብ ናይ'ቶም ዘሳወሩ ኣካላት ከይተዓወተ: ሳላ ዓቃል ኣተኣላልያ ህዝቢ: እቲ ውዲት ቂሂሙ ተሪፉ::

ድሕሪ ሓደ ዓመት ናይ'ቲ ፍጻሜ: ኣባላት ባይቶ መንእሰያት ኤርትራ ብ 2 መጋቢት 1951 ዘቘሙዎ ጉጅለ: ካብ ክልቲኡ ተቓናቓኒ ወገን ማለት: ካብ ሸባን ወይ ኣል-ራቢጣ: ካብ ኣንድነት ወይ ሕብረት ዝነበሩ: ደሓር ግን ብሓባር ንሓንቲ ኤርትራ ደው ብዝበሉ መንእሰያት: ናይ'ቲ ኣዋን እቲ ፕረዚደንት ዝነበሩ ሃይለ ኣብርሃ: ተስፋይ ገብረዝጊ: ኣለማዮህ ካሕሳይ (ወትሩ ሑጉስ): መስፍን ገብሪህይወት: በቲ ሓደ ሸነኽ ከኣ: ካብ ሸባን ዓብደልሩሕማን ብጫተ: ማሕሙድ እስማዒል: ኣደም ጀሃርን ካልኦትን ኮይኖም: እቲ ናይ መጀመርታ ተልእኾ ገይሮም ዝወሰዱዎ ስጉምቲ: ኣብ ልዕሊ መቓብር ናይ'ቶም ኣብ ወርሒ ለካቲት 1950: ብሰንኪ እቲ ምምሕዳር እንግሊዝን: ከዳሚ ግዳማዊ ሓይሊ ዝኾነ ስርዓት ሃይለስላሴ ብዘሳወሩዎ ዝተላዕለ ሃይማኖታዊ ግርጭት: ብከንቱ ናይ ዝጠፍኡ ዜጋታት ዕምባባ ምንባር ነበረ:: ድልየት እቶም መንእሰያት: ህዝቢ ከተማ ኣስመራ ነቲ ዘኽሪ ምዉታት ብሰላማዊ ሰልፊ ንኽብዕሎ ኢዩ ነይሩ: እንተኾነ ግን እንግሊዛውያን ኣመሓደርቲ: ገዚፍ ኣኼባ ህዝቢ ስለ ዝኽልከሉ: ነቲ ወግዒ ካብ 300 ዘይበዝሑ ዕዱማት ጥራይ ተሳተፍዎ::

እቲ ማሕበር ባይቶ ሰላም መንእሰያት ኤርትራ ዘበገስዎ ሰናይ ተግባር: ኣብ መቓብር ክልቲኡ ወገን ዝተሰምዐ ናይ ካህናትን መሻይኽን ዓበይቲ ዓድን መደረታት: መንገዲ ዕርቅን ስኒትን ዝኸፍት ስለ ዝነበረ: ነቶም መንእሰያት ኣዝዩ ከተባብዖም እንከሎ: ነቲ ብሪጣንያዊ ምምዳርን ከዳሚ ስርዓት ሃይለስላሴን ልኡኻትን ግን: ብደዎም ዝቐርጽ ኢዩ ነይሩ:: ከም ዝዝከር እቲ ናይ ለካቲት 1950 ሓድሕዳዊ ምቅትታል: ብዓይነቱ እቲ ዝለዓለን ዝኸፍኤን: መርኣያ ናይ'ቲ ቅድሚ ፌዴራል ውሳኔ ፖለቲካ ኤርትራ በጺሕዎ ዝነበረ ኣዝዩ ዝተባልሐ ግርጭትዩ ዝነበረ:: ንዕድል ኩሉ ኤርትራዊ እቲ ግጭት እቲ: ብናይ'ቲ እዋን ፖለቲካዊ ምንህሃር ብሪጣንያን ስርዓት ሃይለስላሴን ሉኡኻቱን ዝተፈጥረ 'ምበር: ኣብ ውሽጢ ክልቲኡ ዓበይቲ ሃይማኖታት ኤርትራ እስልምናን ክርስትናን ናብ ደም ዘብጽሕ ጽልእን ቅርሕንትን ቂምን ስለ ዝነበረ ኣይኮነን:: ብስምምዕን ጸዊዕትን ክልቲኡ ወገን: ኣብ ውሽጢ ሓጺር ግዜ ምስ ሃድአ ድማ: ንዓመት መመላእታ ዝኾነ ናይ ደግሲ ምልክታት ከየርኣየ ኢዩ ጸኒሑ::

እቶም መንሰያት እምበኣር: ነቲ ልቦና ህዝቢ ዝፈጠሮ ናይ ሕድገትን ይቕረን ኀደና ንምስፋሕን ንምጥጣሕን ኢዮም: ነቲ ዕለት ከብዕሉ ዝተበገሱ:: በቶም ኣቡኡ ዝተረኽቡ ዓበይቲ ብዙሕ ተናእዱን ተመረቑን:: ኣብ'ቲ እዋን ከኣ: ሓደ ካብ ወከልቲ ናይ'ቶም መንእሰያት እዚ ዝስዕብ መደረ ነቲ ተኣኪቡ ዝነበረ ህዝቢ ኣስምዐ::

ብመጀመርያ ክቡራት ወለዲ: ብኣካል እንዳሃለኹም ቅድሜኹም ክንዛረብ ምሕላንና: ኣቐዲምና ይቕሬታ ንሓተኩም:: ሎሚ ብሓባር ንዝኣኻኸበና ፈጣሪናን ረብን ብልቢ ነመስግን:: ኣብ'ዚ ቅድሜና ዘሎ መካነ መቓብር: ጌና ንመጻኢና ከጸብቐ ዝግበኦን: ንወለዶና ሓድጊ ሰላምን ነጻነትን: ሓድጊ ምዕባሌን ብልጽግናን: ግምጃ ፍቕርን ሓድነትን ሕብረትን ከላብሰና ዝግበኦ ዝነበረ ህይወት: ብኸንቱ ካብ ዝጠፍእ ድሮ ሓደ ዓመት ኣቕጺሩ ኣሎ:: ወለድና እዞም ትማሊ ምሳኹም ዝጎዩ ዝነበሩ እሞ: ሎሚ ንዘለኣለም ዘየለው: ንረብሓ መንን? ምእንቲ መንን? ሓሊፎም ክንብሎም ኢና? እዚ ክሳራ እዚ ካብ ንዓኹም ንወለድና: ንዓና ዝያዳኹም የሕመናን የቖንዝወናን:: እቲ ምንታይሲ ድኻምኩምን መሰዋእትኹምን ሞትክምን ሓዘንክምን ንስሌና ክሳብ ዝኾነ: ዳግማይ ናብ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ሓድ-ሕዳዊ ምቅትታልን ምፍላስን ከይትኣትዉስ: ብስለ መጻኢና ንምሕጸኩም ኣለና:: ልብና እንተዘየብሊሕና: ጸላእትና ንሕጂ ጥራይ ዘይኮነ: ንቐጻሊ 'ውን ኣብ ሞንጎና ኣትዮም ዕምባባ ካብ ምቕንጣብ ኣይከዕርፉን ኢዮም:: እቲ ዝቐንጠብ ዕምባባ ኸኣ: ንሕና እዞም መጻኢ ወለዶ ኢና:: ወለድና ዘዝመቀረ ንዓና ንደቅኹም ከም እትሓስቡ ንፈልጥ ኢና:: ሓደራ ግን: ጸላእትና ዕሻሾም ክሳብ ዝገሃድ: ኣብ መድፈና ናቶም ኣቲና ካብ ምርጋሕ: ክንጥንቀቕ ኣለና:: እዚ ኣብ ቅድሜና ዘሎ ዝተቐደሰ ሬሳ: ብዝበርትዐ ድምጹ ገይሩ ሓደ ኹኑ ኢዩ ዝብለና ዘሎ:: መቓልሕ ናይ'ቲ ድምጺ ኸኣ: ብመልሓስ ተቓንዩ ዝወጽእ ዘይኮነስ: ጌና ንዘለኣለም ብዝተርከሰ ዘይነቅጽ ደም ኢዩ ሓደራ ዝብለና ዘሎ እሞ: ኢድ ንኢድ ተተሓዝኹም ምእንቲ ኤርትራን መጻኢኣን: ብሓባር ክትሰርሑን ክንሰርሕን ንምሕጸነኩም:: ቢሎም መደረኦም ድሕሪ ምዝዛም

ኣባ ዑቕባሚካኤል ዝተባህሉ ካህን ካቶሊካዊት ቤተ ክርስትያን: ኣብ መካነ መቓብር ኣስላም ቀሪቦም እዚ ዝስዕብ ቃል ኣስምዑ:-

እዞም ኣብ ቅድሜና ተቐቢሮም እንርእዮም ዘለና ኣሕዋት: ብምንታይን ኣብ ምንታይን ሞቱ? ደሞም ንምፍሳስ: ህይወቶም ንምሕላፍ ስጋዶ? መንፈሳዊ ዕላማ? ኣየናይ ኢዩ?

ኣፍ ኣውጺኦም 'ኳ ክዛረቡ እንተዘይከኣሉ: ብሕልናና እንርደኦ ለበዋ ሓዲጎም ኣለው:: እዚ ድማ: ንሕና ብኸንቱ ሓሊፍና ኣለና: ቤዛ ክርደኣና ዘይክእል ስዉር ዕላማ ተሰዊእና ኬድና: ናብ ዘይንምለሰሉ ሃገር ተሳጊርና ኣሎና:: ንስኻትኩም ግና: ሓደራ ነንሓድሕድኩም ተፋቐሩ ተኸባበሩ:: ዓዲ ኣቃንዑ:: ንዳሕረዎት ቆላዑ ዓድናን መንግስትናን እንድሕር ኣቒምኩም: ንሕና ከምዘይሞትና ኢና:: ንብዓትኩም ነንሓድሕድኩም እንተዘይተሓባቢስኩም: ደንጊጹ ዝረድኣኩም ወዲ ጓና የልቦን: እናበለ ዘስምዓልናን ዘጠንቕቐናን ኢዩ:: እዚ ንሰማዒ ኹሉ ነንሕንልንኡ ክጥይቕን ክምርምርን ዝቕስቅስ መደረ ተሰሚዑ ምስ ተወደአ: እቲ እኩብ ህዝቢ ናብ መካነ መቓብር ክርስትያን ኣምርሐ:: ኣቡኡ ተመሳሳሊ ሓደ ካብ መስራትን መራሕትን ኣልራቢጣ ኣል

እስላምያ: ደግያት ሓሰን ዓሊ ከም'ዚ ዝስዕብ ተዛረቡ:-

እዚ ኣርኣያ'ዚ ብዓበይትን ሽማግለታትን ከመሃዝን ከፍጸምን ዚግበአ ዝነበረ: ብደቅና መንእሰያት ዚግበር: ንሕና ድማ ተሳተፍትን መረኞትን ጥራይ ኮይንና ብምርካብና: ነዞም ብሩኻት ደቅና ከንምርቖን ከነተባብዕን ግዲ ይኹነና:: እዚ ጥራይ 'ውን ዘይኮነ: ሰላምን ፍቕርን ሕውነትን ምውህሃድን እንተዘይኣንጊስና: ንናይ ዓድና ጉዳይ ከነቃንዕ ስለ ዘይንኽእል: ረቢ ኣልዓለሚን ብዓቢይ ምሕረቱ ይሓግዘናን ይምሓረናን:: ክብሉ መደረኦም ደምደሙ:: በዚ ኸኣ እቲ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ኣንጸላልዩ ዝነበረ ከቢድ ደበና ተቐንጠጠ:: ሽግር ኤርትራ ግን በዚ ኣየብቀዐን::

እዛ ሎሚ ብሰብ ጉጅለ ፍሉይ ረብሓ ትጥብጠብ ዘላ ኣሜሪካ: ትማሊ ኣብ'ቲ ምእንቲ ምህላውና በቦታትና ዝካየድ ዝነበረ ቓልሲ: ብኢደ ዙር ንምድቛሱ ክትጽዕር እንከላ: ማህጸን ኣዴታትና ዝነጽፍ ኢዩ ዝመስላ ነይሩ:: ስለ ዝኾነ ኢዩ ኸኣ: ካብ'ቲ ጎዶሎ ቕግሬኣ ተበጊሳ: ብመንገዲ እቲ ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝሸሙቶ ኣምባሳደራ ኣቢላ: ነዚ ዝስዕብ ውሳኔ ዘመሓላለፈት:-

John Foster Dulles



ኣብ'ቲ እዋን እቲ: ኣምባሳዶር ኣሜሪካ ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ጆን ፎስተር ዳላስ (John Foster Dulles): ከም'ዚ ክብል ኢዩ መርገጽ መንግስቱ ኣመሓላሊፉ ጥራይ ዘይኮነ: ነቲ ውሳኔ 'ውን ክውን ከም ዝኸውን ዝገበሮ:- "ብዓይኒ ፍትሒ ክረአ እንከሎ: ድልየትን ኣተሓሳስባን ህዝቢ ኤርትራ ንነጻነት 'ኳ እንተኾነ: ንነባሪ ስትራተጂካዊ ረብሓ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካን: ጸጥታዊ ድሕነት ቀይሕ ባሕርን: ዓለማዊ ምቁጽጻርን ልዑል ረብሓ ኣሜሪካ ንምሕላውን: ነዛ ሃገር (ኤርትራ ማለቱ ኢዩ): ምስ'ታ መሻርኽትና ዝኾነት መሓዛና ኢትዮጵያ ክትለሓቕ: ወሲና ኣለና::" ክብል ዘመሓላለፈ::

ዕጫና ኾይኑ ኸኣ: እታ ንምህላዋ ኢላ 'ውን: ብሳንቡኣ ዘይተተንፍስ ኢትዮጵያ: ጎሬቤትና ኮይና ጥራይ ዘይኮነ: ከም ውዕለት ኣሳሳይነታ: ካብታ ብደውና እንከለና ክትቐብረና ዝመደበት: ነቲ እከይ ውዲት ዝፈሓሰት ጉጅለ ሰብ ፍሉይ ረብሓ ዝወሰኑላ: ናይ ውዕለታ ኣገልግሎት ንምስሳይ ጥራይ ዘይኮነ: ዋሽንግቶን ብመንገዲ ኣዲስ ኣበባብ ኣቢላ: ዓለማዊ ስትራተጂካዊ ረብሓኣ ካብ ኤርትራ ብመንገዲ ኢትዮጵያ ንምርግጋጽ: ነቲ መግዛእታዊ ከይዲ ብተለኣኣኺነት ኢትዮጵያ: ኣሜሪካ ንኤርትራ እትገዝኣሉ ዝተራቐቐ ናይ ውክልና ውዕል: ስዉር መግዛእቲ ምስ ኢትዮጵያ ከተመት

ፕረዚደንት ኢሰያስ ኣፈወርቂ ኣብ መግለጺታቱ: ነዚ ኩነታት እዚ ኣመልኪቱ መብርሂ ክህብ እንከሎ ከም'ዚ ኢሉ ነይሩ:- "ብዓይኒ ሓቂ ኢትዮጵያ ከም ፖስተኛ ተለኣኣኺት: ወይ ኣተግባሪት ናይ'ቲ ዝተባህለቶ ኢያ ነይራ 'ምበር: ነቲ ንኤርትራ ምግዛእ ዝካየድ ዝነበረ መካኒዝም: ሕቡራት መንግስትታ ኣሜሪካ ኢያ ተካይዶ ነይራ:: ምኽንያቱ ኢትዮጵያ ከም ሓንቲ ድሕረትን መስፍናዊትን ሃገር: ንሓንቲ ብቑጠባን ቴክኖሎጅን ካብኣ ንዝማዕበለት ሃገረ ኤርትራ ክትገዝኣ ኣይትኽእልን ኢያ:: እቲ መግዛእቲ ብኢደ ዙር ብሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ኢዩ ዝካየድ ነይሩ:: ከንዲ ዝኾነ ኢዩ ኸኣ ህዝቢ ኤርትራ: ኣብ'ዚ ናይ 30 ዓመት ብረታዊ ቓልሱን: ቅድሚኡ ዝካየድ ዝነበረ ሰላማዊ ፖለቲካዊ ቓልሱን: ኣንጻር እታ ልኣኽቲ ኮይና እትሰርሕ ዝነበረት ከዳሚት ኢትዮጵያ ጥራይ ዘይኮነ: ብቐንዱ ኣንጻር እቶም ለኣኽቲ ዝነበሩ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካን: ብፍላይ ከኣ: ኣንጻር ጎበጣ ጉጅለ ሰብ ፍሉይ ረብሓን መሻርኽቶምን: ድሕሪ ስዕረቶም ከኣ: ኣንጻር ሶቭየት ሕብረትን ደምበኣን ተቓሊሱ ዝተዓወተ::"

ናብ'ቲ ጭቡጥ ነጥቢ ምስ እንመጽእ: ኣብ ግምቦት 22 1953: ናይ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካን ኢትዮጵያን ውዱእ ስምምዕ: ን 25 ዓመታት ኣብ ኤርትራ ከተማ ኣስመራ ዝርከብ: መዓስከር ቓኘው ናይ መራኸቢ ማእከል ሰሪታ ንኽትጥቀመሉ: ንሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ከም ውዕለታ ሂበታ:: ኣብ'ቲ ግዜ እቲ ኸኣ: ቓኘው ሓደ ካብ ዓበይቲ ናይ ራድዮ መሰጋገሪ መራኸቢታት ሪለይ መቆጻጸሪ ማእከል ናይ ዓለምና ኢዩ ዝነበረ:: ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ: ኣብ ቀጻሊ ዝማዕበለ መስርሕ ዝስዕብ ቀረባት: እዚ ማለት:- 4000 ምሩጻት ሰራዊት ኣሜሪካ: ንናይ ሕብረት ሶቭየት ራድዮ መራኸቢታት ንምቁጽጻርን ምጥላፍን: ናብ'ቲ ዞባ ኣዋፈራቶ:: ምምምጻእ ናይ'ዞም ፍሉያት ሰራዊት ብጀካ እቲ ዝህብዎ ወትሃደራዊ ኣገልግሎት: ኣብ ቁጠባ ዘምጽእዎ ለውጢ ቀሊል ግምት ዝወሃቦ ኣይነበረን: እዘን ክልተ ሃገራት ማለት: ኢትዮጵያን ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካን: ኣብ ወትሃደራዊ ምክልኻልን ምምኻርን ዝተሞርከሰ ስምምዕ ኢየን ከቲመን:: ብመሰረት እቲ ስምምዕ ከኣ: ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ነቲ ናይ $5.000.000. (ሓሙሽተ ሚልዮን) ዶላር ኣሜሪካ ዝውድእ ወትሃደራዊ ናውትን: ንሰለስተ እብረ ዝቐጸለ ናይ 6000 (ሽዱሽተ ሽሕ) ኣባላት ሰራዊት ምክልኻል ኢትዮጵያን ስልጠና ሂባ:: ናይ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ወትሃደራዊ ወኪል ምምኻር ክፍሊ ጉጅለ: ናብ ኢትዮጵያ ናይ ምምሕዳር ፕሮግራማት ትምህርቲ ከፊቱ: ኣብ መጋቢት 31-1954: ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ነዚ ዝስዕብ ናይ $3.8 ሚልዮን (ሰለስተ ሚልዮንን ሸሞንተ ሚእቲ ሽሕን) ዶላር ዝዋግኡ: ፎኮስቲ ብረታት ማሽንጋናትን ከቢድ ብረትን ናብ ኢትዮጵያ ሊኢኻ:: ኣብ ጥቅምቲ 1955 ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ: ንናይ ሓባራዊ ወትሃደራዊ ስታፍ ዝምልከት ወትሃደራዊ ስምምዕ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኸቲማ: ከም ውጺኢቱ ኸኣ: ኢትዮጵያ ዓመታዊ ካብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ናይ $5.000.000 (ሓሙሽተ ሚልዮን) ዶላር ወትሃደራዊ ቀረብ ንኽትረክብን: ቀጥታዊ ናይ ሓይሊ ኣየርን ሓይሊ ባሕርን ወትሃደራዊ ንዋት ሓ ge ዝ ንኽህልዋ ኣኺእልዋ ኢዩ:: እዚ ኸኣ: ንመንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ወትሃደራዊ ዓቕሙ ጸብለልታ ክርእይ ገይሩዎ ኢዩ:: ኣብ መጀመርታ ዓመተ 1956: ኣዲስ ኣበባ ናብ ዋሽንግቶን ሓደ ጠለብ ኣቕሪባ: "ንዝተወሃሃደ ቀጻልነት ዘለዎ ውሑስ ወትሃደራዊ ሓገዝ: ነታ ሃገር ከም ዘድልያ ኢያ ኣመልኪታ: እዚ እንተላይ ነታ ኣብ ቀጻሊ: ናብ ምቁጽጻራ ንኽተልሒቓ

ዝተዋህበታ ኤርትራ: መቆጻጸሪ ዝኸውን ሓይሊ ክትድርብ ዘኽእላ ባይታ ንኽፈጥረላ መአታን ኢዩ:: ምኽንያቱ ድልየት ህዝቢ ኤርትራ ንነጻነት ምዃኑ ርእስ ግሉጽ ስለ ዝነበረ: ህዝቢ ኤርትራ ሓደ መዓልቲ ኣንጻር ጎበጣ ለኣኽነት ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ: ሆ!!! ኢሉ ክቃለስ ምዃኑ ርዱእ ስለ ዝነበረ: ከይተበገሰ እንከሎ ንኽደሃኽ ብማለት: ብቀጻሊ ወትሃደራዊ ምድልዳል ሓይሊ ኢትዮጵያ: ከም ቀዳማይ ደረጃ ተሰሪዑ ዝስረሓሉ ዝነበረ:" ክንዲ ዝኾነ ኸኣ: ኣብ ጥቅምቲ 1956: ናይ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ማእከላይ ወኪል ስለያ (ማወስ): ነቲ ዝቐረበ ምሕጽንታ ተቐቢሉ: ናቱ ጸብጻባት ብምውሳኽ ሓደ ረኮመንደሽን ብምቕራብ: ናይ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ወትሃደራዊ ስታፍ ናብ ኢትዮጵያ ሊኢኹ::

## ኮሎኔል መንግስቱ ሃይለማርያም




ድሕሪ 1960 ናይቲ ዓመት እቲ: ዋሽንግቶን ብመብጽዓኣ መሰረት: ን 40.000 (ኣርብዓ ሽሕ) ሰራዊት ኢትዮጵያ: ናይ ስልጠና ትምህርቲ ሓገዝ ክትህብ እንከላ: ናይ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ናይ ወትሃደራዊ ሓገዝ ማእከል: ናብ ኢትዮጵያ ብጽቡቕ ኢዩ ተሰማሚዕዎ:: ኣብ ዓመተ 1960: ናይ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ምትእትታው ልዕሊ 300 (ሰለስተ ሚእቲ) ልዑል ብቕዓት ዘለዎም ሰራዊት ኣሜሪካ: ኣብ'ታ ሃገር ኣገልግሎት ሂቦም ኢዮም:: ብልክዕ ቁጽሪ ኸኣ: ን 23.000 (ዕስራን ሰለስተን ሽሕ) ሰራዊት ኢትዮጵያ: ብሉጽን ልዑል ወትሃደራዊ ስልጠና ትምህርቲ ሂቦሞም:: ካብ'ዚኦም ገለ ዕስራ ዝኾኑ ላዕለዎት መኮንናት: ንስርዓት ደርግ ካብ ዘቖሙ ወትሃደራውያን መኮንናት እዞም ኩሎም: ብዝለዓለ ደረጃ ብናይ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ወትሃደራዊ ስለጠና ዝተመልመሉ ክኾኑ እንከለዉ: ካብ'ዚኦም እቶም 4000 (ኣርባዕተ ሽሕ) ኣባላት ሰራዊት: ናብ ኣሜሪካ ከይዶም ዝሰልጠኑ ኢዮም:: ኮሎኔል መንግስቱ ሃይለማርያም 'ዉን: ሓደ ካብቶም ናብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ከይዶም ካብ ዝሰልጠኑ: ሓደ ኢዩ::

እስራኤል: ሓንቲ ካብተን ንኢትዮጵያ መጠነኛ ወትሃደራዊ ሓገዝን ምኽርን ካብ ዝሃቡ ሃገራት ሓንቲ ኢያ:: እቲ ዝዓበየ ስሕበት ሓገዝ እስራኤል ንኢትዮጵያ: ካብ ሃገራት ዓረብ ንምንጻልን ንስትራተጂካዊ ቦታ ቀይሕ ባሕሪን ባብ ኤልመንደብ ንዘለዋ ምቁጽጻር ንምርግጋጽን ኢዩ:: ነዚ ንምውሓስ ከኣ: ኣብ እዋን ንጉሳዊ ስርዓት ሃይለስላሴ: እስራኤል ኣማኸርቲ ንናይ ክቡር ዘብዐኛን: 5 ይ ክፍለ ሰራዊት ብነበልባል ዝፍለጥ ኣሃዱን ከም ኡውን ኮማንድስን ኣሰልጢና ኢያ:: ኣብ መጀመርታ 1960 እስራኤል: ንመንግስቲ ኢትዮጵያ ምሕጋዝ ዝጀመረትሉ ዓመትን: ኣንጻር ሰውራ ኤርትራ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ጎስጓስ ዝፈለመትሉ ግዜን ኢዩ ነይሩ::

ዝሞቱ ፕረዚደንትታት ኣይዛረቡን ኢዮም ኢዩ ዝበሃል:: ገለ ኣመሪካውያን ንባጤራኦም:- 'ዝሞቱ ፕረዚደንትታት' እናበሉ ይጽውዕዎ ኢዮም:: ጌና ዓለም 'ውን በቶም ዝሞቱ ዝተኸልዎ ክትመሓደር ጥራይ ዘይኮነስ: ከም ረመጽ ክትልብለብ ኢዮም ዝደልዩ ዘለዉ:ንሕና ኤርትራውያን ከኣ: ኣይፋል እቶም ናትና ግን ዝሞቱ ዘይኮነስ: ንሕሉፍን ህልውን መጻእን ብዘተኣሳስር ሰንሰለት ገንሸል ኮይኖም ብዝሓለፉ ሰማእታት: ብርክና ክሳብ ዝዘርጋሕና: ሩሕ ህላዌና ኣብ መብጸዖኦም ስለ ዝምርኮስ: ንዓና ወትሩ ህልዋት ኢዮም:: ስለ ዝኾነ በቲ ህልውን: ናይ ዘለኣለም ነባሪን ተዓጻጻፍን ሓሳቦም ስለ እንነብር ኢና: ህይወቶም ካባና ተፈልያ ዓዲ ኣርሒቓ እንከላ: ብጽላቶም ስለ እንዝምር: ኣብ ክንዲ ሞይቶም ተሰዊኦም እንዳበልና: ናብ ቅድሚት ናብ ሓደራኦም እነማዕዱ:: ምስሎም ኣብ እንሃንጻ ኤርትራ ኢዩ ዝውረቕ: መፍተል ናይ'ዚ ዘይበታተኽ ገመድ ከኣ: እታ ንዓለም ነውጻ ዝደርጎሐት ሓባሪት ጥይት ሓደ መስከረም 1961!!! ህያው ምስክር ኢያ::

## ሓምድ ኢድሪስ ዓዋተ




ልክዕ ኢዩ እቲ ነታ ሓባሪት ጥይት ኣብ መጀመርያ ዕለት 01 መስከረም 1961 ዝተኮሰ ሓርበኛ ስዉእ ሓምድ ኢድሪስ ዓዋተ: ከምቶም ዝሞቱ ኣሜሪካውያን ኣይኮነን ሞይቱ:: ንዓና ንኤርትራውያን ሞት ንቡር ኮይኑ 'ኳ ከም ሰብ ዝተፈልየን እንተመሰለ: ካብቶም ካብ ኢድ ናብ ኢድ ዝመሓላለፉ ኣብ ባጤራ ኣሜሪካ ዘለዉ ፕረዚደንትታ: እቲ ዝኸበረ ኣብ ልብና ተወሪቑ ዘሎ ኢዩ ሓርበኛ ሓምድ ኢድሪስ ዓዋተ:: ስለ ዝኾነ ኢና ኸኣ: ኣብ ክንዲ ኣቕሊልና ሞይቱ እንብል: ሞት ማለት ንዓና ትርጉሙ ጸሊም ሞት ኢዩ: ንኽብሪ ብልብታትና እንዝምሮ መግለጺ ኸኣ: ተሰዊኡ ክንብል እንከለና: ካባና ምፍላዩ ዘይኮነ: ንሱ ንዝገደፎ ሓደራ ተቐቢልካ ኣብ መዓልቦኡ ምብጻሕ ማለት ኢዩ: ንእለት ኣብ ልብና ዝስወጠና:: እሞ! ኣየናዮም ይኸብር? እቲ ንዓመጽ ንምንጋስ ክብል ዕድመ ልክዑ ጊሂጹ: ንዓለም ብዘይሰርር ሕልምታቱ ከመሓድር ዝደሊ: ዓለም ዕደ ዘርከበቶ: ካብ ኢድ ናብ ኢድ ዝከላበት ዘሎ: ኣብ ባጤራ ኣሜሪካ ዝሰፈረ ኣሜሪካዊ ፕረዚደንት ዶ: ዋላ እቲ ኣብ ልብና ዝሰፈረ ኤርትራዊ ሓርበኛ: እቲ መልሲ ነቲ ሃገራዊ ኤርትራዊ ጥራይ ዘይኮነ: ሃገራዊ ሓርበኛ ኤርትራዊ ዜጋ ዝምልከት: ሓባራዊ ምላሽ:- "ክብሪ ስዉእ ኣይትዘንጥል: ምእንትኡን ምእንቲ ሓደራኡን ክንብል: ኣብ መትከሉ ደው ክንብል ኢና!!!" እንተበለ: ኣበይ ኢዩ እቲ ሓጥያቱ? ምረት መግዛእቲ ገዲድዎ ንነብሱን ህዝቡን ሓራ ክገብር ዝመረጸ ህዝቢ: ንገድሊ ከም እንኮ መዋጽኦ ምርጫኡ ተሓንጊጡ: ካብ'ቲ ዕጫኡ ኾይኑዎ ክለኣኽ 'ምበር: ክልእኽ ዘይተፈጥረ ፖለቲካዊ ሓይሊ ኢትዮጵያ: ነብሱ ሓራ ክገብር ዝተጋደለ ህዝቢ: ሕጂ እንታዩ ዝድለ ዘሎ? ወዮ ተቓሊስናስ! ተዋዲቕና!!! ይብሉ ኣቦታት::

ሎሚ ድሕሪ 53 ዓመት: እቲ ብስም ደሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ሓርነት ኩናማ ኤርትራ ዝብል ስያመ ዝጽዋዕ: ብወያነ ተጠፍጢፉ ዝተመስረሐ ውድብ መራሒ ኢየ ዝብል: ኣብ እዋን መግዛእቲ ስርዓት ደርግ: ሓደ ካብ ቀንዲ ኣባላት ኢሰፓ ኮይኑ: ንፍሉይ ፖለቲካዊ ኣስተምህሮ ካድረ ኮይኑ ንኽገልግል ተባሂሉ: ናብ ዩጎዝላቭያ ተላኢኹ ዝነበረ ቀርኔሎስ ያስማን ኣጋር: ነቲ ኣይኮን ኤርትራውያን ዝኾነ ሓምድ እድሪስ ዓዋተ: ሓደ ሽፍታ ኢዩ ነይሩ ዝብል መግለጺ እንተሃበ: ካብ'ቲ ሃይለስላሴ ይኹን ደርግ:

ንተጋዳላይ ወንቤዴ (ማለት ሽፍታ) ዝብልዎ ዝነበሩን: ሎሚ ኸኣ ወያነ ንቓልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዳግም ክምርመር ኣለዎ ዝብሎ ዘሎ ብምግንዛብ: ቀርኔሎስ ናይ ብሓቂ ካብ ልቡ ዝመንጨወ ሓሳብ ዘይኮነ ንዓና ንኤርትራውያን ደርጉሑልና ዘሎ: ኣቦይ ቀሺ ዝበልዕዎ መግደፍሲ: ነደይ ኢታይ የግስዐን ኢዩ ነገሩ: ወያነ ነቲ ዘሕለፍናዮ ሃገራዊ ቃልሲ: ከም ቃልሲ ንኸይጥመትን: ነቲ ቀንዲ ክብሪ መንነትና ንኽከሓድን: ብኡኡ መጠን ከኣ: ንምንእኣሱ ተባሂሉ ኢዩ: ብስም ጉልባብ ኣፍ ኤርትራዊ ምንቃስቓስ ኩናማ: እቲ ሰራም ዘረባ ተሰንድዩልና እሞ: ንሕና ኸ ንተሃምልዶ: ከም ጭሩ ቕርቕረ ቅድሚ እቲ በርባራይ ኢና: ነቲ ዝእለመልና ዊዲት ሓሊፍና ንጸንሖ: ወያነ ነቲ ንልቡ ኣሚኑ ዝተቓለሰ ህዝቢ ዘሸፍተሉ ዓውዲ ከም ዘይብሉ ዝተረድአ ኣይመስልን:: ምኽንያቱ: ወያነ ነፍስሄር ኮይኑ እንከሎ ኢዩ: ዕማም ለኣኸቱ ከብጽሕ ዝደሊ ዘሎ::

ብርግጽ እቶም ኣብ ባጤራ ዶላር ምስሎም ተቐሚጡ ዘሎ ኣመሪካውያን: ኩሎም ዝሞቱ’ዮም:: ፕረዚደንት ኰይኖም ዘይፈልጡ ግን ኣለዉዎም:: ንሕና ኤርትራውያን ኸኣ: ምእንቲ ህላዌናን ህላዌ እዛ ናይ ዘለኣለም ኤርትራን ህዝባን ክብሉ: ተቓሊሶም በጃ ዝሓለፉ ብዕጽፊ ዕጽፍታት ክብሪ ዘለዎም: ኣብ ልቢ ኩላትና ዝሰፈሩ ሰማእታት ኣለዉና:: ሰንኪሎም ንእስነቶም በጃና ኣብልዮም ዝኣተዉ: መቕሊ ናይቶም ዝተሰዉኡ 'ውን ኣለውና:: እዞም ካብ'ቲ ንነብሱ ተቓሊሱ ዘቃለሰ ህዝቢ ዝወጹ: ንገድልን መስገደልን ምስ ነብሶም ኣመሳሲሎም: ንምረት ናብ መዓር ቀይሮም: ነዛ ነበረያ ነበረ ክትከዉን ዝተፈርደት ሃገር ክውንቲ ዝገበሩ ኸ እንታይ ንበሎም? እቲ ሓደራ ኣብ እንግድዓና ኢዩ ዘሎ: እቲ ጽዋ ቀጻሊ ኢዩ: ብህሎ ዘይኮነ ግን ውዕሎ ኢዩ::






ኣብ 100 ዶላር ሰፊሩ ዘሎ በንጃሚን ፍራንክሊን፡ መራሒ ኣመሪካ ኰይኑ ኣይፈልጥን’ዩ። ካብቶም መስረትቲ ኣመሪካ ዝኾኑ ኣቦታት ብምዃኑ ግን ክብሪ ኣለዎ። ነቲ ናይ ፈለማ ፕረዚደንት ኣመሪካ ኣብ 1798 ጆርጅ ዋሺንግቶን፡ ክብድህ ዝኽእል እንኮ ንሱ’ዩ ነይሩ።


ታሪኽ ካብ'ቲ ተዓብዒብዎ ዘሎ ናብ ግዳም ክወጽእ ኣለዎ ጥራይ ዘይኮነ: ተበርቢሩ ክጸሓፍ ኣለዎ:: እዚ ኣብ'ዛ ሃገር ንነዊሕ ዘንጠጠየ ባቢሎናዊ ማዕበል ክጅመር እንከሎ: መኸተምታ ነይሩዎ ኢዩ:: ኪዳነ ክፍሉን: ወልዳይ ግደን ኣብ ታሪኽ ሰውራ ኤርትራ: ካብቶም ፍሉይ ነጥበ መቐይሮ ዘለዎም መላግቦ ናይ'ዚ ሕጂ ዘሎ ራኢ ኢዮም:: ብፍላይ ከኣ: ምስ ምፍላይ ናይ'ቲ ገስጋሲ ጉጅለ ህዝባዊ ሓይልትታትን: ተጋዳላይ ኢሰያስ ኣፈወርቅን ምስ እነተኣሳስር: እቲ ታሪኽ ካብ በሃልቱ ሓሊፉ: ናብ'ዚ ዘሎ ወለዶ: እቲ ሓቂ ብስነ ፍልጠታዊ መንገዲ ክግለጽ ኣለዎ ዘብለካ:: እዛ ሃገር: ብናይ ግዳም ሓይሊ ጥራይ ዘይኮነትሲ: ብውሽጣውያን ኣድሓርሓትን ተበለጽትን ንዝገጥማ ዝነበረ ተጻቡኦ: ኣብ'ቲ መቑን ታሪኽ ናቱ ሚዛን ሂብካ ምስፋሩ: ንዕያረ ናይ'ቲ ንሎሚ ንምብጻሕ: ትማሊ ንዝሰገረቶ መሪር እዋን ንምልክዑ: እዞም ናይ ሎሚ ህልዋት ዘለዉ መራሕቲ: ናይ ትማሊ መንእሰያት ዝነበሮም ግደን ብልሒ ሓንጎልን: ኣብ ሎሚ ኮይንካ ንሕጂ ክበጽሖዎ ንዝደልዩን: ነዛ ሃገር ሒዞምላ ንዘለዉ ግምጃን ንምሕላውን ንምኹስኳሱን ኢዩ ዝሕግዘካ::

## ኪዳነ ክፍሉ (ከበደ ክፍሉ)


ኪዳነ ክፍሉ መን'ዩ? ዝብሉ ብዙሓት ክህልዉ ይኽእሉ ኢዮም:: ኪዳነ ክፍሉ ቀንዲ ሽሙ:- ከበደ ክፍሉ ኢዩ:: ኣብ ገለ እዋናት ንምቅብጣር ኢሎም: ከበዶም!!! ኢሎም ይጽውዕዎ ኢዮም:: እቲ ኪዳነ ዝብል ስም ግን: ናይ ሚስጢር ሽሙ ኢዩ: ዝያዳ ኸኣ ቡኡኡ ዝተሰየመሉን ዝተጸወዓሉን ይበዝሕ:: ዋላ ድሕሪ መስዋእቱ 'ውን: ካብ ብከበደ ኪፍሉ: ብኪዳነ ክፍሉ ዝያዳ ታሪኹን ውዕለቱን ይፍለጥ:: ውሽጣውያን ተጻባእቲ: ንኺዳነ ክፍሉ ህዝባዊ ሓይልታት ከም መፍለዩ ንኽትጥቀመሉ ኢያ ኣብ ከሰላ ቀቲላቶ ዝብሉ: ቀተልቲ ባዕሎም ኣለዉ:: ሎሚ ድሕሪ 45 ዓመት: ነቲ ሓቂ ምስ'ቲ ናይ ባቢሎን ስርሒት ትንታኔን: እቲ ሓቂ ክንገልጾ ኢና:: ነቲ ሓቂ ከም ዘለዎ ንምቕራብ: ትንታኔ ናይ ነፍስ ወከፍ ሕጥቦ ጽሑፍ ናበይ ከም ዘምርሓና ምፍታግ ግን: ናይ ኩሉ ኤርትራዊ ሃገራዊ እጃም ኢዩ:: ንምዝክኻር ግን: መሪሕነት ጀብሃ ኣብ ክፍላ 1969 ንኪዳነ ክፍሉን ወልዳይ ግደ ኣብ ከተማ ከሰላ: ብኣዝዩ ኣሰቃቒ ኣቀታትላ ቀቲሎም: ንኣካላቶም ብምቁርራጽ ኣብ ክሻ የእትዮም: ናብ ሓፊር ዝበሃል ቦታ ዘውስድ መንገዲ: ነቲ ሬሳ ኣብ ታክሲ ጺዒኖም እንዳተጓዕዙ እንከለዉ: ምስ ዘይምጥጣሕ መንገዲ: ደም ክዛሪ ምስ ጀመረ: ህዝቢ ከኣ ስለ ዝረኣዮም: ኣብ ጎልጎል ኢዮም ገዲፎሞ ሃዲሞም:: ንኹሉ ምፍታሽ ከጥዕመና ግን: ናብ'ቲ ዝርዝር ሕቡእ ታሪኽ ንመለስ:-

ኪዳነ ክፍሉ: ካብ ከሳላ ሱዳን: ናብ ጃክ ክራመር Jack Kramer Palo Alto California USA: ካብ 6 ይ ክፋል ቀዳሞት ኣርባዕተ ገጻት ዝጸሓፎ 8 ገጽ: ኪዳነ ክፍሉ ብዕለት 27 ሕዳር 1968 ብኢዱ ካብ ዝጸሓፎን: እተን ኣርባዕተ ገጻት ከኣ: ናብ ቛንቛ ዓረብ ተቶርጊመን: ኣብ ዓንቀጻት ጋዜጣ ዓረብ ሊባኖስ ንዊስ ለተር ኹሉሽ:- "ዕስራን ሓሙሽተን መዓልታት: ምስ ቃልሲ ኤርትራውያን" ብማለት: ተጻሒፉ:: እታ ቀዳመይቲ ኪዳነ ክፍሉ ዝጸሓፋ ደብዳቤ: ብዕለት 29 ጥቅምቲ 1968 ኢያ ነይራ:: ኣብ'ታ ኪዳነ ክፍሉ ንጃክ ክራመር Jack Kramer ዝጸሓፈሉ ደብዳቤ: ዝተዓሸገ ሰነዳትን ሪከርድ ዝተገብረ ናይ ድምጺ ቓላትን ዘይተሓጽበ ጸሊምን ጻዕዳን ኣሉታ ፊልምታትን ይርከቦ:: ምሉእ ሰነድ ክንትርጉሞ: ምስ ናይ ግዜ ሕቶ ብኸፊል ነቲ ኣገዳሲ ዝበልናዮ ክፋሉ ብምትርጓም: ንገለ ካብ ኪዳነ ክፍሉ ብኢዱ ካብ ዝጸሓፈን ደብዳቤታት ዘርጊሕናየን ኣለና:-

ስዉእ ሓርበኛ ኣበራ መኮነን
ኣብ ወርሒ 09 1968

ጃክ ክራመር ኣብ 1968





ጃክ ክራመር Jack Kramer መን ኢዩ? ጃክ ክራመር Jack Kramer ዜግነቱ ኣሜሪካዊ ኮይኑ: ኣብ ናይ ህይወት ዘመኑ ኣብ ብዙሕ ስርሓት ዝተዋፈረ ኢዩ:: ኣብ ዌል ስትሪት ጆርናል ንኽልተ ዓመት ሪፖርተር ኮይኑ ዝሰርሐን: ኣብ ቢዝነስ ዊክ መጋዘን ካይሮ ዝመደበራ ናይ ማእከላይ ምብራቕ ጨንፈር ሓላፊ ኮይኑ: ንሰለስተ ዓመት ዝሰርሐ: ከምኡ 'ውን: ስታፍ ኤዲተር ናይ ታይም መጋዘን: ንሰለስተ ዓመት ናይ ነጻ መስመር ናይ ራድዮ ፈነወ: ናይ ስቪል ራይት ምንቅስቓስ: ናይ ኣላባማ ክርስትያን ምንቅስቓስ ጋዜጣ ኣዳላዊ: ናይ ሰብኣዊ መሰልን ደቡባዊ ክርስትያን መሪሕነት: በዚ ዝስዕብ ኣርእስቲ 1.The Nation, 2.The new Republic, 3.The New york Reviw of Books, 4.New Society. 5.British periodical ዝብላ መጻሕፍቲ ዝጸሓፈን: ከም ሪፖርተር ሸፊነ ናይ ባንክን ነዳድን: ብፍላይ ኣብ ናይ ነዳዲ ቅልውላው: ነዚ ንምስራሕ ካብ ቴክሳስ ናብ ስዑዲ ዓረብ: ኣልጀርያ: ጀነቫ: ሎንዶን: ቪየናን: ሮምን ዝተንቀሳቐሰን: ኣብ ናይ ቬትናም ኩነታት ንሰለስተ ግዜ: ከም ሪፖርተር ኣብ 1967: 1968: 1969 ኣብ ኩናት ናይ ካሜሎ: ኩናት ኾንታህየን ጂዮሊንህን ኬህሰናህ ቬትናም ሸፊነ ዝገበረ: ንኩነታት ውግእ 6 መዓልቲ ኣብ እስራኤል ጸብጻብ ንምግባር ዝተሳተፈ: ኣብ ኩናት ኤርትራን ኣብ ኩናት ምዕራብ ሰሃራን ምንቅስቓስ ሰውራ ኢራን: ካብ ቴህራን ናብ ኣህዋዝን ኣባዳን: እቲ ዝርዝር ብዙሕ ኢዩ: ኣብ 1968 ከኣ ን 25 መዓልታት ምስ ተቓለስቲ ነጻነት ኤርትራ ናብ ሜዳ ኤርትራ ኣትዩ ዝተራኸበ ኢዩ: ምስ ኪዳነ ክፍሉን ስዉእ ኣበራ መኮንን ስዉእ ወልዳይ ግደን ኾኣ ካብ ሽዑኡ ኢዮም ተላልዮም: ንሎሚ እዚ ዝስዕብ ካብ'ቲ ኪዳነ ክፍሉ ናብ ጃክ ክራመር Jack Kramer ዝጸሓፎ ደብዳቤ: እቲ ኣገዳሲ ክፋሉ ከንቕርብ ኢና:-

ፖስታ ሳጹን ቁጽሪ 9
ከሰላ
ሕዳር 27 1968

ናብ ጃክ
ካብ ውሽጣዊ ስሚዒታተይን ልባዊ ደስታይን ዝፈልፈለ: ናይ ቃልሲ ህያብ ሰላምታይ: ናተይን ምሳይ ኣብ ከሰላ ናይ ዘለዉ መቓልስተይን የብጽሓልካ:: ካብ ሲንጋፖር ዝሰደድካለይ ደብዳበ ተቐቢለዮ በጺሑኒ ኢዩ:: ምስናይ ክብረቱ እቲ ካልኣይ ዝሰደድካዮ መልእኽቲ ግን: ኣይበጽሓንን:: ቦታ ከም ዝቐየርካ ካብ'ቲ ናይ መወዳእታ ደብዳቤኻ ተረዲኤ: እዚ ኸኣ: ንስኻ ናብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ብሰላም ከም ዝኣተኻ ምስ ፈለጥኩ ኢየ: ነዚ መልእኽቲ እዝን ዝስዕብ ንብረትን ዝሰደልካ ዘለኹ::

ክሳብ'ታ ንስኻ ንከሰላ ገዲፍካ ዝወጻእካላ እዋንን: ናትካ ደብዳበ ዝረኸብኩላ ፋልመይቲ መዓልትን: ኣነ ብጣዕሚ ኢየ ተሻቒለ ነይረ:: ንስኻ ከመይ ኢልካ ካብ'ቲ ኣውቶክራቲክ ዝኾነ ሃጸያዊ ስርዓት ሃይለስላሴ ወጺእካ: ኣብ'ቲ ዓንቀጽ 4 ናይ ኢትዮጵያ ቁዋማዊ ሕጊ: ኣብ ሕዳር 02 1955 ዝወጸ: ንዝኾነ ዉልቃዊ መሰላት ዝገፍፍን ዘከላብትን ዘጥቅዕን ብምኳኑ: ንዓኻ ኣብ ሕማቕ ኩነታት ዘውድቕ ኢዩ ነይሩ:: እዚ ሕጊ እዚ ንዓና ከም ኤርትራውያን ጥራይ ዘይኮነ: ነቶም ኢትዮጵያውያን ንባዕሎም 'ውን: እቲ ሃጸያዊ ስርዓት ሃይለስላሴ ዘውጽኦ ሕጊ: ምስ'ቲ ብብልሽውና ዝተቖማጥዐ ምኳኑ ብምዝማድ 'ውን: ምስ'ቲ ዘካይዶ ግፍዕን ባርባራዊ ኣተሓሕዛን: ልክዕ ምስ'ቲ ናይ ግዜ ሮማዊ ግዝኣት ዝመሳሰልን ዝግለጽን ኣካይዳ ኢዩ: እዚ ኸኣ ከም ዝሞተ ምሉእ ሓሳብ ኢዩ ዝውሰድ:: ኣካይዳ ስርዓት ኢትዮጲያ እዚ ኣውቶክራቲክ ዝኾነ ስርዓት ኢትዮጵያ: ንጉዳይ ኤርትራ ከም ውሽጣዊ ጉዳያቱ ገይሩ ኢዩ ክሕዞ ዝደሊ:ከም ገለ ኢልካ ብዝኾነ ጉዳይ ኣብ ኢድ ፖሊስ ኢትዮጵያ እንተ ወዲቕካ: ብኤለትሪክ ገይሮም ኢዮም ዘቃጽሉኻ: ዝኾነ ዘድሕነካ ኣካል ከኣ የለን:: ምኽንያቱ ንባዕሎም 'ዉን: ናብ'ቲ ናይ 3000 (ሰለስተ ሽሕ) ዓመት ጽውጽዋይ: ናብ ድሕሪት ኢዮም ዝምለሱ::

ናትካ ተሞኩሮ ድማ: ነቲ ናይ ናጽነት ተጋደልቲ ኤርትራ ዝተዓዘብካዮ ብጣዕሚ ጽቡቕ ብዝኾነ ገለጻን ትንታኔን ክትህበሉ: ከምኡ 'ውን ሃንጺ ብዝኾነ መልክዑ ጹጽይ መጽናዕቲ ብምክያድ: ንህዝቢ ኣፍሪቃ ከተብርሃሉን ከተንቃሓሉን: ብኸፊል ከኣ: ነቲ ሽግር ሰውራ ኤርትራ ኮይኑ ዘጋጥም ዘሎ ጉዳይን ብድሆታቱን ተረዲእካዮ ክትከውን ተስፋ ይገብር: ከም ውጺኢቱ ከኣ: ንጡፍ ሓገዝን ዓለማዊ ክፉት ሓሳባትን ሪኢቶን ክንረክብ: ከም ሓደ ነጥቢ ግን ጉዳይ ኤርትራ ከም ምዉት ጉዳይ ተራእዩ: ካብ ከውሊ ዓይኒ ዓለም ዝወጸሉ መስርሕ ከም ዘሎ ምግንዛብ:- 1. እቲ ፖሊሲ ናይቶም መራሕቲ ናይ'ቲ ግምባር: እቲ ቀዳማይ ጸገም ናይ መንነት ቅልውላው ኢዩ:: ምኽንያቱ መንነቶም: ሙስሊም ክኾኑ የቐድሙ: ካብ ኤርትራውያን ክኾኑ:: ስለ ዝኾኑ ኸኣ: የእዳዎም ናብ ሃገራት ሙስሊም ሊግ ምስ ዘርግሑ ኢዮም:: ዝንባለኦም ምሉእ ብምሉእ ናብ ዓረብ ዝዘንበለ ኢዩ:: ናብ ዓለማዊ ዓረብ ይቐርቡ:: ተስፋ ይገብር ከኣ: ዓለማዊ ዓረብ እቲ ህዝቢ ኤርትራ ዘድምጾ ድምጺ ከድምጽ: ግን: እዚ ድኹም ጎድንታትና እዚ: ንሞራል ህዝቢ ከይሰብርን: ጸላኢና ዝኾነ ስርዓት ሃይለስላሴ ከይምዝምዞን ምጥንቃቕ ከድሊ ኢዩ::

ዝበዝሑ ካብቶም ኣብ መሪሕነት ዘለዉ ኣባላት መሪሕነት: ናይ ሰውራዊ ኣተሓሳስባ የብሎምን ጥራይ ዘይኮነ:: ዝኾነ ፖለቲካዊ ንድፊ ስነ ሓሳብ 'ውን የብሎምን:: ዝኾነ ናይ ምምራሕን ምእላይን ተራ መሪሕነት ክጻወት ዝክእል ዓቕሚ: ነዚ ሰውራና ክመርሕ ዝኽእል ብቕዓትን ኣየጥረዩን:: ዝኾነ ምስ ህዝቢ ከተኣሳስሮም ዝኽእል ናይ ቃልሲ መንገድን ቀሌቤትን: ምስ ዓለም ከራኽቦም ዝኽእል መራኸቢ ድልድል መስመርን ዝኽተሉ ኣይኮኑን:: ንደብዳቤታትን ቴለግራም መልእኽትን 'ውን: ክጥቀምሉ ዝኽእሉ ኣይኮኑን:: እቲ ዝኸፍአ መልክዑ ኸኣ: እቶም ነቲ ሰውራ ዝመርሑ ዘለዉ ላዕለዎት መሪሕነት: ኩሎም ምቕማጦም ኣብ ወጻኢ ሃገራት ኢዩ:: ነቲ ኣብ ውሽጢ ዝካየድ ናይ ቃልሲ ኣገባብ ኣይፈልጥዎን ኢዮም:: ከም ናይ ኩባ ቃልሲ ኣመራርሓ ፊደል ካስትሮ: ኣብ ውሽጢ ሜዳን: ናይ ማኦ ጸትኑግ ኣብ ቻይናን ከማን ክመሃሩ ኣይክእሉን ኢዮም:: ኣብ'ዚ ናይ ለውጢ መስርሕ ግዜ: ተስፋ ንገብር ነቲ ናይ ምምራሕ ብቕዓት ክንበጽሖን: ብኡኡ ክንቅየድን:: እዚ ኸኣ ብሕብረትን ምዕባለን ኣስተምህሮን ህዝብና: ዑጉባት ስለ ዝኾና ኢዩ:: እቲ ሓቂ ነዚ ዘብለኒ ዘሎ: እቶም ኣብ ቅድመ ግምባር ዘለዉ ኣባላት መሪሕነት: ንመንነቶም ከም ሙስሊም 'ምበር: ከም ኤርትራውያን ዝገልጽዋ ብዘይምኳኖም ኢዩ:: ነቲ ቃልሲ 'ውን: ከም ናይ ዓረብ ምንቅስቃስ ኢዮም ዝምልከትዎ:: ዋላ ኣብ'ቲ ናይ ወጻኢ ፖሊሲ ጸግዖም: ንኹለንትናዊ ምንቅስቃስ ናይ'ቲ ቃልሲ ንነጻነት: ምስ ሃይማኖትን: ሃይማኖታዊ ምንቅስቃስን ኢዮም ዘዛምድዎ:: እቲ ዝገርም ፍርቂ ህዝቢ ኤርትራ: ወረ ልዕሊኡ: ክርስትያን ኢዩ:: ነቲ ብሓባር ተኸባቢርካ ምንባር: ሓድነት ኣብ ብዙሕነት ዝብል ኣምር ዝቕበሉ ኣይኮኑን:: ስለ ዝኾነ ኢዩ ኸኣ: እቲ ህዝቢ ብስግኣት ዝጥምቶም:: ከም'ቲ ዝድለ ሱታፌ ኸኣ: ዘይገብር ዘሎ:: እቲ ምኽንያት ከኣ: ጉዳይ ሃይማኖትን: ናይ'ቲ መሪሕነት ናይ ዓረባዊ ኣተሓሳስባን ዕብለላን ኣብቲ ግምባር ስለ ዘሎ ኢዩ:: ኩሉ እቲ ገስጋሲ ኣተሓሳስባ ዘለዎ ሰብ: ነዚ ፖሊሲ እዚ ኢዩ ዝቋወም ዘሎ: እቶም ናይ ለውጢ መራሕትን ካብ ቀንዲ ናይ'ቲ መሪሕነት ሰውራዊ ትእዛዝ: ብሓደ ክሰምሩን ክሰርሑን ኢዩ ድሌቶም:: ገለ ካብቶም ናይ ክፍልታት መራሕቲ: ካብ'ቲ ዝበስል ዘሎ ኩነታትን ተስፋ ይገብር: እቲ ኩነታት ክቕየርን ሓደ ናይ ለውጢ ስጉምቲ: ኣብ'ቲ ናይ ግምባር መሪሕነት ክመጽእ:: ምኽንያቱ ናይ ህዝብና ሽቶ ከረጋግጽ እንተኾይኑ: ብናይ ሓባር ዕላማን ሽቶን ዝተሃንጸ ቃልሲ መስርሕ ምስ ዝዕምብብ ኢዩ::

እቲ ፖለቲካዊ ምንቅስቓስ ናይ ሰልፊ ምምስራት መስርሕ ኣብ ኤርትራ: ከም ዘመናዊ ተርእዮ ኣብ 1941: ካብቶም ቀንዲ ሃገራውያን ህቡባት ሓደ: ኣቦና ራእሲ ተሰማ ኣስመሮምን ደግያት ኣብርሃ ተሰማን ኣቶ ወልደኣብ ወልደማርያምን ኢዩ ናይ ኤርትራ ሰልፊ ተመስሪቱ:: እቲ ዕላማ ናቶም ራኢ ዝነበረ ኸኣ: ኩሉ ህዝቢ ኤርትራ ንሓንቲ ሃገረ ኤርትራ: ኤርትራ ኸኣ: ሓደ ንኹሉ ብማዕረ ዘገልግል ሕጊ ይሃልዋ ዝብል ኢዩ ነይሩ:: ኣብ ሓራ ነጻነት ኤርትራ: ህዝቢ ኤርትራ እቲ ብሪጣንያዊ ምምሕዳር ኣብ ኤርትራ 1941-1952: ኤርትራ ንፖለቲካዊ ምቅብባልን ምምሕዳርን ድልውቲ ኣይኮነትን ኢሉ: ኤርትራውያን ግን: ንኹሉ ተረዲኦም ብዘይ ናይ ግዳም ሓይሊ ኢዮም ናቶም ፖለቲካዊ ህይወት ዝመርሕ ሰልፊ መስሪቶም ነይሮም:: ውሑዳት ግን: ካብ ናይ ውልቆም ኣተሓሳስባን: ናይ ከባቢ ዝወረስዎ ብሃይማኖታውን ኣውራጃውን ዓሌታውን ዝብገሱ ኣይተሳእኑን ነይሮም:: ብገንዘብ ተዓሲቦም: ናይ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ኣገልገልቲ ዝኾኑ 'ውን ነይሮም:: ክሳብ 1942: ኤርትራ ዝኾነ ንብቑዕ መሪሕነት ዝተቐረበ ሰብ ኣይነበረን: እንትርፎ ሓደ ኣቶ ወልደኣብ ወልደማርያም: ንሱ ከም ገስጋሲ ኤርትራዊ: ኤርትራዊ ካርዝማቲክ: ልክዕ ከም ጋንዲ ኢዩ ነይሩ:: ንሱ ንቓልሲ ህዝቢ ኤርትራ ብተወፋይነትን ሓድነትን ን 26 ዓመታት ሰሪሑ ኢዩ:: ጆን ጉንተር ኣብ መጽሓፉ: ኣብታ "ኣብ ውሽጢ ኣፍሪቃ" እትብል: ንወልደኣብ ወልደማርያም ከም ኣፍሪቃዊ ሃገራዊ ተቓላሳይ ጠቒስዎ ኣሎ:: ንሱ ካብ'ቲ ናይ 7 ግዜ ፈተነ ቅትለት ዝተኻየደሉ ቦታ ኢዩ ሃዲሙ: ኣብ 1943 ክሳብ 1952: ኣቶ ወልደኣብ ኣብ እዋን ምምሕዳር እንግሊዝ: ኤዲተር ናይ'ቲ መንግስታዊ ጋዜጣ: ሰሙናዊ ጋዜጣ ኤርትራ ኣዳላዊ ኢዩ ነይሩ:: ከምኡ 'ውን: ናይ ነጻ ጋዜጣ ሓንቲ ኤርትራ ኣዳላዊ ነይሩ:: ናይ ጋዜጣ ድምጺ ህዝቢ ኤርትራ 'ውን: ብዘይካ እዚ ፕረዚደንት ማሕበር ሰራሕተኛታት 'ውን ነይሩ:: ኣብ 1952 ኣብ'ቲ ባይቶ ኤርትራ ወካሊ ንምኳን ተወዳዲሩ ነይሩ:: ብናይ ኢትዮጵያ ሉኡኻት ኣብ ኤርትራ ፈተነ ቕትለት ተገይርሉ: ኣብ 1953: ንሱ ብገዛእ ፍቓዱ ኣብ ሕብረት ሃገራት ዓረብ ዑቕባ ሓቲቱ: ካብ 1953: ኣብ ካይሮ ከም ፖለቲካዊ ስደትኛ ኮይኑ ይነብር ኣሎ:: ኣቶ ወልደኣብ ናብ ባይቶ ጸጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት: ተደጋጋሚ ጥርዓናት ኣቕሪቡ ኢዩ:: እንተኾነ ግን ውድብ ሕቡራት ሃገራት ጸማም እዝኒ ኢዩ ሂቡዎ:: ኣብ 1956: ካብ ካይሮ እትፍኖ ራድዮ ብቛንቛ ትግርኛ ከፊቱ: ኣስተምህሮ ይህብ:: ፖለቲካዊ ንጥፈታትን ሞራልን ድስፕሊንን ፖለቲካዊ ንቕሓትን ንህዝቢ ኤርትራ ክብ ንምብል መልእኽቲ የመሓላልፍ ኣሎ:: ክሳብ ሕጂ ኣቶ ወልደኣብ ከም ገስጋሲ ሃገራዊ: ብስነ ሓሳብ ዝተሃንጸ: ቅቡልን ገስጋስን ኣተሓሳስባ ዝውንን: ኤርትራውያን ንኤርትራ ኣብ ኤርትራዊ ሓባራዊ ሃገራውነት ዝተሰረተ መርገጽ ኢዩ ዘለዎ:: ዕድለኛታት ኢና ኸኣ: ሓደ በሊሕን ቁንዕን መራሒ ክንረክብ ምኽኣልና:: እቶም ኣብ ቅድመ ግምባር ዘለዉ መራሕቲ: ነቲ ሕሉፍ ጌጋኦም ክመሃርሉ ኢዩ ዝግባእ ነይሩ:: ገለ ካብቶም

መራሕቲ ግን: ምስቶም ቀንዲ ሃገራዊ ገስጋሲ ኣተሓሳስባ ዘለዎም ሓርበኛታት ብመተከል ደው ዝበሉ ኢዮም:: ገለ ከኣ: ምዕራባዊ ክፋል ኤርትራ ምስ ዓረባዊ ግብጽን ሱዳንን: ዝተረፈ ከኣ: ምስ ኢትዮጵያ ዝብሉ ኣለዉዎም: ገለ ኣሕዋት ሙስሊም ካብ'ቲ ናይ ግዳም ዘንበብዎን ዝረኣይዎን እስላማዊ ሰውራ ዝበገሱ ኢዮም: ገሊኦም ከኣ: ካብ ውሽጦም ኣብ ኢትዮጵያ 'ውን: ናይ ሙስሊም ምንቅስቓስ ከነካይድ ኢና ዝብሉ ኢዮም:: ምስ ካልኦት ተጸምቢሮም ከኣ: ናብ ኢትዮጵያውያን ኣስላም ክጽንበሩ ዝደልዩ ኢዮም::

ኮይኑ ግን: ኣብ ዓይኒ ህዝቢ ኤርትራ ካብ ዝጥመቱ መራሕቲ ሓደ: ኣቶ ወልደኣብ ኢዩ ዘሎ:: ዝበዝሕ ህዝቢ ኸኣ የኽብሮን: ከም ሓደ ብቑዕ ካርዝማቲክ መራሒ ኢዩ ዝርእዮ ንወልደኣብ:: ኣቶ ወልደኣብ ውሽጣዊ ክብረታቱ: ንነብሱ ካብቶም ኣብ ቅድመ ግምባር ዘለዉ መራሕቲ ኣግሊልዋ ኢዩ:: ኣቶ ወልደኣብ ግን: ኣብ ጉዕዞ ፖለቲካዊ ኩነታት ኤርትራ: ሓደ ካብቶም ዓበይቲ መምሃራን ኢዩ:: ቅኑዕ መሪሕ ናይ ህዝቢ ኤርትራን ኢዩ:: ንውሑዳት ካብቶም ኣብ ቅድመ ግምባር ዘለዉ ገስጋሲ ኣተሓሳስባ ዘለዎም መሪሕነት ገዲፍካ: ኣቶ ወልደኣብ ኩሎም እቶም ናይ ቅድመ ግምባር መራሕቲ ብብልሽውና ዝተቖማጥዑን ብናይ ዓሌትን ሃይማኖትን ዝተበላልዑን ምሿኖም ይፈልጥ ኢዩ:: ስለ ዝኾነ ኸኣ: ንፖለቲካዊ ኩነታት ህዝቢ ኤርትራ ብዝግባእን ብዝደቐቕን ኢዩ ዝፈልጦ:: ምኽንያቱ ኣቶ ወልደኣብ ምስ'ቲ ኣተሓሳስባ ዓረባዊ ፖሊሲን: እስላማዊ ፍልስፍናን ዝብል መርገጽ ፖለቲካ ብመትከል ኣይሰማማዕን ኣይቅበሎን ኢዩ:: እዚ ኸኣ ማሕንቆ ከባብያዊ ምንቅስቓስ: ኣብ'ቲ ውሽጣዊ ናይ ቅድመ ግምባር መሪሕነት ዘሎ :ከም መቓልሕ ነናሻዕ ዝደጋገም ዘሎ ጸገም ኢዩ::

ናይ ኣቶ ወልደኣብ ወልደማርያም ኣድራሻ: እዚ ዝስዕብ ኢዩ:-

*Mr. Zaky Fahmy*
*Mariette Pahsa Street No.11*
*Cairo*
*U.A.R.*

መተሓሳሰቢ ብፍጹም ጸቕጢ ዘለዎ: ናብ ውልቃዊ ሪኢይቶይ ዝዘንበለ ሓሳብ ኣይኮንኩን ዝህበካ ዘለኹ: ኣነ እቲ ክውን ናይ'ቲ ዘሎ ኩነታት ስእሊ ቃልሲ ኤርትራ ክትረክብ ኢየ ዝጽዕር ዘለኹ: ብወገንካ ኸኣ: ናብ ውሽጢ ብዕምቆት ኣቲኻ: ባዕልኻ ነቲ ኩነታት መዚንካ ተንትኖ:: ሓደራ ዝኾነ ካብ'ዚ ዝህበካ ዘለኹ ኣገዳሲ ሓበሬታታት: ኣብ ዝኾነ ናይ ጋዜጣ ሕትመት ከይተውጽኦ: ምኽንያቱ ኢትዮጵያ ንፕሮፖጋንዳዊ ሃልኪ ክትምዝምዞ ትኽእል ኢያ:: ዓብደላ: ኣበራ መኮነን: ወልዳይ ግደ: ኣባላት ናይ'ቲ ሰውራዊ ቃልሲ: ምሳይ ብሓባር ተሰሊፎም ዘለዉ ብጾት ኢዮም:: ከምኡ 'ውን: ብሓፈሻ ኩሎም ብጾትና ሰላም ይብሉኻ ኣለዉ:: ጽቡቕ ምንዮቶም ከኣ ይገልጽሉካ ኣለው:: ጽቡቕ ናይ ትምህርቲ ዓመት ይኹነልካ::

ሓደራ ምናልባት: ምስ ኤርትራውያን ተማሃሮ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ: ንነብስኻ ከተላሊ እንክለኻ: በጃኻ ከይትርስዕ ኣድራሻ ናተይ ሃቦም ኢኻ: ክረኽቡኒ ከም ዘለዎም ግበር: ተስፋ ይገብር ከኣ: ናብ ከሰላ ተመሊስካ ክርእየካ: ብፍላይ ከኣ: ኣብ ናይ ኤርትራውያን ጉዳይ ብዝምልከት::

*Hoping to hear from you soon,*
*Yours,*
*(Signed)*
*Kidane Kiflu*

ናይ ደብዳቤ ምልውዋጥ ኪዳነ ክፍሉን ጃክ ክራመርን ከም ዝተኸታተልናዮ: ኣቐዲሙ ኪዳነ ክፍሉ: ንእከይ መደባት መሪሕነት ጀብሃን: ካብ ኤርትራዊ መንነት ከቐድሙ: እስላማዊ ጥሩፍነት ከቐድሙ ዝያዳ ይመርጹ ምንባሮም ኢዩ ዘረደኣና ዘሎ: ትሕዝቶ ደብዳቤ ኪዳነ ክፍሉ: ብዘይካ እዚ: ኣብ'ዚ ኣየካተትናዮም 'ምበር: ምስ'ቲ ማሕሙድ ዲናይ: ናይ 1 ይቲ ክፍሊ ወትሃደራዊ ሓላፊ ዝነበረ ዝገበሮ ናይ ደብዳቤ ምልልስ 'ውን: ናቱ ትርጉም ኣለዎ:: ኮይኑ ግን መራሕቲ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ: ኢሰያስ ኣፈወርቂ ከም ምኽንያት መፍለዩ ክጥቀመሉዎም ብማለት ኢዩ: ንኪዳነ ክፍሉን ወልዳይ ግደ ቀቲልዎም ዝብል ተደጋጋሚ ዘይተገርሐን ዘይተጨበጠን ዘረባ ይዝረብ ኢዩ: ትሕዝቶ ትርጉም ናይ'ዚ ኪዳነ ክፍሉ ናብ ጃክ ክራመር ዝሰደዶ ደብዳቤ ምስ እንፍትሽን ግን: ኣብ'ታ 5 ይቲ ክፍሊ ተጋዳላይ ሓመድ ብርሃን ብላታ: ሓደ ካብቶም 3 መራሕቲ ናይ 5 ይቲ ክፍሊ ስለ ዝነበረ: ኪዳነ ክፍሉ

ሓመድ ብርሃን ብላታ



ቅልጣፈ ዘለዎ ናይ ለውጢ መስርሕ ይጠልብን ይንቀሳቐስን ስለ ዘሎ: ነቲ ኣብ ውሽጢ ኮይንካ ንኹነታት ውድብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ናይ ምእራሙ መስርሕ ከይዕንቅጾ መኣታን: ገለ ንግበር ከም ዝተበሃሃሉን: ተጋዳላይ ሓመድ ብርሃን ብላታ: ንተጋዳላይ ኢሰያስ ኣፈወርቂ: ናብ ኪዳነ ክፍሉ ዝለኣኾ ደብዳቤ ጺሒፉ ከዳሉ ከም ዝሓበሮን: ነቲ ተጋዳላይ ኢሰያስ ኣፈወርቂ ዝጸሓፎ ደብዳቤ ኸኣ: ኣቐዲሞም ኮይኖም ከም ዘንበብዎን: ትሕዝቶኡ ምስ ተሰማምዕሉ ኸኣ: ነቲ ደብዳቤን ካልእ መልእኽትን ሒዞም: ናብ ባርካ ካብ ዝተበገሱ ሰባት ሓደ ኸኣ: ባዕሉ ተጋዳላይ ሓምድ ብርሃን ብላታን: ወዲ መዓሾን ምንባሮም ተጋዳላይ ሓምድ ብርሃን ብላታ: ኣብ ሸወደን ምስ ናይ ተቓወምቲ ቲቪ ኣብ ዝገበሮ ቃለ መሕትት ገሊጽዎ ኣሎ:: ምስ'ቲ ጉዳይ ኣተሓሒዙ ክገልጽ እንክሎ ተጋዳላይ ሓምድ ብርሃን ብላታ: ምስ ወዲ መዓሾ ኮይንና ነቲ ደብዳቤ ከነብጽሕ ምስ ተበገስና: ጌና ኣብ ዝድለ ቦታ ቅድሚ ምብጻሕና: ናብ መሪሕነት ውድብ ዝነበሩሉ ቦታ ምስ በጻሕና: ኣብቲ ቦታ ሕማቕ ወረ ኢዩ ጸኒሑና:: ኣቡኡ ኢና መቕተልቲ ሞት ናይ ኪዳነ ክፍሉን ወልዳይ ግደ ሰሚዕና:: ናይ ብሓቂ ሓዘን ተሰሚዑና:: ወዲ መዓሾ ሸዑ ብጣዕሚ ፍርሒ ኣትይዎ: እዞም ሰባት ንስኻ ኣስላማይ ስለ ዘኾንካ ሓዎም ኢኻ: ንዓይ ግን ክቐትሉኒ ኢዮም:: ካብ'ዛ ኩነታት ከም ገለ ጌርካ ኣውጽኣኒ ኢሉኒ: ዝገበርኩ ገይረ ካብ'ቲ ኣንጻላልዩ ዝነበረ ሕማቕ ኩነታት: ኣብ ሓደ ዝኣምኖ ቦታ ተዓቒብና ቀኒና:: ምኽንያቱ

ፖሊስ ሱዳን ነቲ ከባቢ ኹሉ ኣብ ትሕቲ ምቁጽጻር ሓለዎኦም የእትዮሞ ስለ ዝነበሩ: ናብ ከሰላ ከም ድላይና ክንኣቱ ኣይከኣልናን:: ድሕሪ ሰሙን ኣቢሉ ናብ ሱዳን ምስ ኣተና: ወዲ መዓሾ ብኣ ዚኣንፉ ኣብ ሱዳን ተሪፉ: ናብ ሸወደን ኣትዩ ነይሩ ሽዑ: ደሓር ግን ናብ ህዝባዊ ግምባር ከም ዝተሰለፈን: ናብ ሜዳ ዝኣተኹሉ እዋን 'ውን ሓቲተሉ ነይረ: ብጅግንነት ከም ዝተሰውአ ሰሚዐ:: ስለ'ዚ ተጋዳላይ ኢሰያስ ኣፈወርቂ ካብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ናይ ምፍላይ መደብ ኣይነበሮን:: እቲ ኩነታት ኣብ ውሽጢ ኮይንካ ናይ ምእራም ሓሳብ ኢዩ ነይሩዎ:: ድሕሪ መቅተልቲ ናይ ኪዳነ ክፍሉን ወልዳይ ግደን ግን: ኣብ ውሽጢ ኮይንካ ናይ ምእራም ጉዳይ ከም ዝተጸንቀቐ ምስ ገምገሞ ኢዩ ተፈልዩ:: እንተዘይኮይኑ ቅድሚኡ ብምዱብ ነቲ ሃገራዊ ቃልሲ ዝሃቦ ሓላፍነት ንኸተግብር ኢዩ ናብ ከበሳ: ከም ኮምሲያር ናይታ 5 ይቲ ክፍሊ ተመዲቡ: ምሳይ ብሓባር ዝመጸ:: ኣነ እዚ ኢየ ዝፈልጥ ክብል ቃል ምስክርነቱ ሂቡ ኢዩ:: ጸላኢ ጸለሎ ቀባኢ ዝብልኹም ከም'ዚ ኢዩ: እቶም ቀንዲ ብቕትለት ኪዳነ ክፍሉን ወልዳይ ግደን ተሓተቲ ባዕሎም: ሓባል በሊያ ከይትቕድመኪ ብዝዓይነቱ ሜላ ኢዮም: ነቲ ክሲ ናብ ተጋዳላይ ኢሰያስ ኣፈርቅን: ናይቲ እዋን መሪሕነት ህዝባዊ ሓይልታትን ከላግብዎ ዝፍትኑ: ነዚ ናይ ቅትለት ክሲ ናብ በዓል ሳልሕ ስዒድ ሓዮቲ ኣቕሪቦም እንተዝምርምርዎስ: ክንደይ ጉድ ኮን ምወጸ ነይሩ: ሳልሕ ስዒድ ሓዮቲ ኣብ'ዚ እዋን እዚ: ኣብ ሃገረ ሸወደን ዝነብር ዘሎ: ብናይ እቲ እዋን እቲ ብድሑር ኣመራርሓ መሪሕነት ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ናይ ዝሃለቑን ዝተቐትሉን ኤርትራውያን: ቀንዲ ብታሪኽ ካብ ዝሕተቱ ህልዋት ዘለዉ ሓደ ኢዩ:: ሳልሕ ስዒድ ሓዮቲ ኢዱ ኣብ ደም ናይ ኪዳነ ክፍሉን ወልዳይ ግደን 'ዉን ደም ዝጠልቀያ ኢየን ትማሊ::

## ሳልሕ ስዒድ ሓዮቲ




በዓል ሳልሕ ስዒድ ሓዮቲ: ምስ ምሉእ ሓይሎም እንከለዉ ዘይሰዓርዋ ንመንገዲ ሓቂ: ሎሚ ኣብ ትሕቲ ወያነ ተጎርቢሶም ሪፍራፍ ክትፎ እንዳ ተጸበዩ: ኣየናይ ዓይነት ደሞክራስን ምዕባለን ኢዮም ካብ ወያነ ሽሚቶም ከእትዉልና ዝደልዩ ዘለዉ: ምኳን: እቲ ኣብ 1978 ኣብ ኣፍደገ ድርኹኺት ነጻነት በጺሕና እንከለና: ንስምምዕ ውሽጣዊ ምምሕዳር ስርዓት ደርግ: ብመንገዲ ሕብረት ሶቬየት ንኽቕበል ዝተመርከኸ ጉጅለ መሪሕነት ጀብሃ: ሎሚ ኣብ ብርኪ በዓል ኣይተ ስብሓት ነጋን ጀነራል መስፍን ኣማረን እንተተደበረ: እንታይ ዘገርም ኣለና:: ንኺድ ጥራይ: እቲ መንገዲ: መንገዲ ትማሊና ኢዩ: ከም ልሙድ ከኣ ነቲ ጸልማት ናብ ብርሃን ክንቅይሮ ኢና: እዛ ሃገር ዕድለኛ እያ መጻኢኣ ዘማዕዱ መሪሕ ምርካባ::

## ኢሰያስ ኣፈወርቂ



መንእሰይ ኢሰያስ ኣፈወርቂ ኣብ 1966 ናብ ሰውራ ክስለፍ እንከሎ: ጌና ወዲ 19 ዓመት ኢዩ ነይሩ: ከም ዕድመ ንእስነት ከይጸገበ: ከምቶም ናይ'ቲ እዋን ዝነበሩ ሉልያት መንእሰያት ኤርትራ ንሃለኽ ገድሊ ጥራይ ዘይኮነ: ንጽበትን ምረትን ከርተትን ናይ ሽዑ ዝነበረ መሪሕነት ቕያደል ዓማ ተጻዊርካ ምቕላስን: ኣራሚ ስጉምቲ ንምውሳድ: ካብ ዝዓበኻሉ ዓቃባዊ ሕብረተሰብ ወጺእካ: ናብ በርሃው ዝበለ ሪሒብ ናይ ቃልሲ ጉዕዞ ንምኻድ ንእትወስዶ ወሳኒ ምርጫ: ከም ትተበዕ ዘላ ማሕረሻ ብሃልሃልታ ጓህርን: ብሞዳሻን ክትቅርቀርን: ካብ ማእከሉ ንኽትወጽእ እትገብሮ ቃልሲ: ሎሚ ሰማይ ምስ በርሀ ክትሓስቦ እንከለኻ ይከኣል ኢዩ ዝብል ሰብ ምሃለወ ዶ? ተጋዳላይ ኢሰያስ ኣፈወርቂ ብድሕሪ ባርባራዊ መቕተልቲ ጀጋኑ ስዉኣት ሓርበኛታት: ስዉእ ተጋዳላይ ኪዳነ ክፍሉን ስዉእ ተጋዳላይ ወልዳይ ግደን ኣብ ወርሒ 11 1969 ንእከይ ውዲታዊ ስርሓት ቕያደል ዓማ ብምቅዋም:- "ንሕናን ዕላማናን" ክጽሕፍ እንከሎ: ገና ለይለይ ዝብል ወዲ 22 ዓመት ኢዩ ነይሩ:: ሽዑ:- "ንሕና ብእከይ ተግባራት መሪሕነት ቕያደል ዓማ ተ.ሓ.ኤ. ዝተሳቐናን: ተደጋጋሚ መቕተልትን ማእሰርትን መግረፍትን ዝወረደና ተጋደልቲ ኢና:: መሪሕነት ቕያደል ዓማ ተ.ሓ.ኤ. ብሃይማኖታዊ ምስምስ ንኽርስትያን ይቐትል ስለ ዘሎ: ነዚ ንምእራም ኣብ ውሽጢ ውድብ ተ.ሓ.ኤ. ኮይና ፈቲንና ኢና: ክሰልጥ ስለ ዘይከኣለ ኸኣ: እነሆ ተፈሊና ኣለና:: ንሕና መን ኢና? ክፈልጥ ዝደሊ ውልቀ ሰብ ይኹን ጉጅለ: ኣብ ባይታ ወሪዱ ክርእየና ይኽእል ኢዩ:: ንሕና ንእከይ ተግባራት መሪሕነት ቕያደል ዓማ እንቋወም ዘለና ተጋደልቲ ኢና:: ንኽርስትያን እንከላኸል: መስቀላውያን ኣይኮናን:: ንምስልምና እንጣበቕ: ጅሃዳውያን ከኣ ኣይኮናን:: ንሕና! ንሕና ኢና!!! ንሕና! ኤርትራውያን ተቓለስቲ ነጻነት ኢና!!!"




ኣብ ሎሚ ኮይንካ ነዚ ጽሑፍ ከተንብቦ እንከለኻ: ኣባላት ጉጅለ ሰብ ፍሉይ ረብሓ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ: ፕረዚደንት ቡሽ ምስ ናይ ጻዕዳ ገዛ ፖለቲከኛታቱ: ናይ ፔንታጎን ወትሃደራውያን ኣማኸርቱን ኮይኖም: ኣብ 2001 ብዛዕባ ጀሃድ እንተመደሩልና: ኣየናይ ኢዩ ክሕድሰና: ተጋዳላይ ኢሰያስ ኣፈወርቅን: ናይ ሽዑ ዝነበሩ ብጾቱን: ነዚ ፕረዝደንት ቡሽ ዝውኑኖ ዘሎ ቴክኖሎጅን ዝድርደር ዘሎ መጻሕፍትን ከይረኸቡ: ኣብ በረኻታት ኤርትራ ኮይኖም ነዚ ዝተንተነ ሓንጎል እሞ ኸኣ: ኤርትራዊ ሓንጎል: ንርእሲ በንጃሚን ፍረንክሊን ዝፈተሸት ናይ ዘመና ታሪኽ: ንናይ ትማሊ ተጋዳላይ ኢሰያስ ኣፈወርቂ እንታይ ምበለቶ ነይራ? እሞ ኸኣ ሎሚ መንግስቲ ምስ ኮነ እንታይ ይገብርን: ኣይገብርን ይጠፍኦ ኢዩ ዝብሉና እንተሃልዮም: ክውጠሓካስ ተጎርበሰለይ ኢዩ ነገሩ! ብመሰረት ኣቕሪብናዮ ዘለና መረዳእታ ኸኣ: "እቲ ስሉስ ኩርናዕ ሓጺን ጉጅለ ካርልይለ:-" (THE IRON TRINGLE The Carlyle Group) ሰፊሕ መብርሂ ክንገብረሉ ኢና::

በንጃሚን ፍራንክሊን: እቲ ኣብ ሚእቲ ዶላር ስእሉ ሰፊሩ ዘሎ: ከም መስራቲ ኣቦ ኣሜሪካ ዝፍለጥ ሰብ ኢዩ:: እቲ ሓቂ ግን:

ኣሜሪካ ቅድሚ በንጃሚን ፍራንክሊን: በቶም ደቀ-ባት ዋናታታ ቀያሕቲ ህንዳውያን: ብሰላም ኢያ ትነብር ነይራ:: ናይ በንጃሚን ንኣሜሪካ ሓደ ምግባር ዘይኮነ ስእሉ ኣብ 100 ዶላር ክሰፍር ኣኽኢልዎ: ነቶም ቀንዲ ደቀባት ህንዳውያን ከመይ ገይርካ ጨፍሊቕካ ትቆጻጸሮምን ትገዝኦምን: ነታ ጉጅለ ሰብ ፍሉይ ረብሓ ትምስርታን ኢዩ ኣብ 100 ዶላር ስእሉ ከም ዝሰፍር ዝገበሮ:: ንሕና ኤርትራውያን ግን: እቶም ናይ ትማሊ መንእሰያት ከም ተጋዳላይ ኢሰያስ ኣፈወርቂ: ኣብ ሚዛን ዕያረ ዕዳግኡ መዓልታዊ ዝቀያየር ባጤራ ዘይኮና ከም'ቲ ናይ 100 ዶላር ሰፊሩ ዘሎ በንጃሚን ፍራንክሊን ነስፍሮም: ኣብ'ቲ ሚዛኑ ንዘለኣለም ዘይጎድል ልብታትና ኢዩ ሰፈሮም:: ሰማእታትና እቶም ጌና ሕድሮም ኣብ ምትግባር ዘለዉ መሪሕነትን ተጋደልትን ኣገልግሎትን ከኣ: ወትሩ ልብታትና ኢዩ ሰፈሮም:: ቀደሙ 'ውን እኮ: ልቢ ህዝቢ ዝሰፈሩ ፕረዚደንት ኢሰያስ ኣፈወርቂ ተባሂሉ ኢዩ::

ድምጺ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ: ንዓለም ኣብ ካራቺ!!!

ስዉእ ዓሊ ሰይድ ዓብደላ ማሕሙድ እድሪስ | ፕረዚደንት ማሕበር መንእሰያትን ተማሃሮን ፓኪስታን

ስዉእ ሓሰን መሓመድ ኣሚር መሓመድ ስዒድ በርሓቶ | መንእሰይ በናዝር ቡቶ






መንእሰይ ሱሳታት ሓንጎሎምን ኣብ ሃገራውነት ዘሎዎም ፍቕርን ንመጻኢ ዘማዕዱ ዘለዎም ራኢን: ካብ'ቲ ኣብ'ቲ እዋን እቲ ዝሰርሕዎ ዝነበሩ መስተንክር ስርሓት ንምግማት ጥራይ ዘይኮነ: ታሪኽ ክሳብ ዝኾነ: ታሪኽ ከኣ ንባዕሉ: ናይ መንነትን ክብርን መግለጽን መተኣሳሰሪ ሕሉፍን መጻእን ወለዶ ክሳብ ዝኾነ: ክበታተኽ የብሉን:: ስርዓት ሃይለስላሴ ዋላ በቶም ኣለዉ ዝበሃሉ ናይ ዓለምና ኀባልል ይተሓገዝ ነቲ ብዕላማ ጸኒዑ ዝቃለሶ ዝነበረ ህዝቢ ኤርትራ: ክስዕሮስ ይትረፍ ክብህድሎ ኣይከለን:: ከም ውጺኢቱ ኸኣ: ብተበራዒ ቦምባታት ካብ ሰማየ ሰማይ ዝበራ ነፈርቲ ኩናት: ኣብ ሰላማዊ ህዝቢ ዝነብረለን ዓድታት ከዝንብ ጀሚሩ: ከም ውጺኢቱ ኸኣ: ብዙሕ ህዝቢ ሃሊቑ ተኸላቢቱ ብኣሽሓት ኣማኢት ዝቑጸር ቆልዓ ሰበይቲ ዝርከብዎ ኸኣ: ናብ ጎሬበት ሃገር: ናብ ሱዳን ስደት ኣምሪሑ:: እቶም ኣብ'ቲ እዋን እቲ ዕስራታት ረጊጾም ዝነበሩ መንእሰያት: ነቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ዝወረደ ግፍዒ ንዓለም ዘቃልሕሉን: ንዝካይድዎ ዝነበሩ ገድሊ ነጻነት: ነቲ ብፈኸምታ ዝኸይድ ዝነበረ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ: ሃጸፍታ ሸልበብታኡ ንዓለም ከርእይዋ ኢዮም መዲቦም: ከም መደቦም ከኣ ኣይሰነፉን: ከመይ ቢሎም ከ ክሰንፉ: ብቐደሙ ብዕላማ እንዲዮም ተበጊሶም:: ንሓንቲ ካብ መጓዓዝያ ነፈርቲ ኢትዮጵያ ምጭዋይ ከም ዕላማ ንምትግባሩ ስለ ዝቐረጹ ኸኣ: ንቦይንግ ነፋሪት በረራ 707 ኣብ ታርጌት ዘእተዉዋ::

እቶም ብቛንቛ ዓረብ ብስሪሒት ኢንቃብ ዝፍለጡ ሓርበኛታት: ዝኾነ ምስ ነፈርቲ ዘተኣሳስር ኣፍልጦ ኣይነበሮምን:: እቲ ልዕሊ ኹሉ ኣፍልጦኦም ዝነበረ: ንዕላምኦም ድሕነት ህዝቦምን ሃገሮምን: ንነጻነት ዘለዎም ተወፋይነት: ነቲ ዕማም ብመስዋእቲ ምፍጻም ጥራይ ኢዩ ዝለዓለ ተበጃውነትን: ኣብ ኢዶም ዝጨበጥዎ ፍልጠትን ዝነበረ:: ነቲ ስርሒት ካብ ዝመርሑ ሓደ ሚኒስተር ወጻኢ ጉዳያት ዝነበረ ስዉእ ዓሊ ሰይድ ዓብደላ ኢዩ ነይሩ:: ምስ ስዉእ ዓሊ ሰይድ ዓብደላ: ማሕሙድ እድሪስ: ስዉእ መሓመድ ሓሰን ኣሚር: መሓመድ ሰይድ በርሓቱ ነይሮም::

ስዉእ ዓሊ ሰይድ ዓብደላ | 1 ይቲ ሚኒስተር ነፍስሄር በናዝር ቡቶ





ኣቲ ስርሒት ብዕለት 18 ሰነ 1969 ቦይንግ ነፋሪት በረራ 707 በቶም ሓርበኛታት ተጨውያ: ኣብ መዕርፎ ነፈርቲ ካራቺ ክትዓልብ እንከላ: ቀዳመይቲ ሚኒስተር ፓኪስታን ነበር በናዝር ቡቶ: ናይ'ቲ እቲ እዋን መንእሰይ በናዝር ቡቶ: ፕረዚደንት ማሕበር መንእሰያትንት ተማሃሮን ፓኪስታን ኢያ ነይራ: መንግስቲ ኢትዮጵያ ነቶም ኣብ ጭውያ ናይ'ታ ነፋሪት ዝተሳተፉ ሓርበኛታት: መንግስቲ ፓኪስታን ኣብ ኢዱ ከስተልምዋ: ዋላ በተን ናይ'ቲ እዋን ዝነበራ ኀባልል ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካን: ዓባይ ብሪጣንያን ጸቕጢ ብምግባር እንተሓተተት: ብፕረዚደንት ማሕበር መንእሰያትን ተማሃሮን ፓኪስታን በናዝር ቡቶ ዝተጸውዐ: ንኣዋርሕ ዝቐጸለ ክሳብ ትምህርቲ ናይ ምቁራጽ ዘስዓበ ሰፊሕ ሰላማዊ ስልፊ: ኣንጻር ምርካብ ኤርትራውያን ሓርበኛታት ንስርዓት ኣዲስ ኣበባ ብምውዳብ: ኣቓልቦ ዓለም ዝሰሓበ ናይ'ቲ እዋን ድንቂ ስሪሒት ኢዩ ነይሩ:: ኣብ ሎሚ ኮይንካ ምስ እትምርምሮ: ብፍላይ ከኣ ምስ'ቲ ቀዳመይቲ ሚኒስተር በናዝር ቡቶ: ብጉጅለ ሰብ ፍሉይ ረብሓ ህይወታ ምሕላፉ ምስ እትግንዘብ: ነንጻነት ዘብቑዑና ህልዋትን ስዉኣትን ኤርትራውያን ሓርበኛታትና: ካብ ደመኛና ዝኾኑ ሰብ ፍሉይ ረብሓ ንምጥፊኦም ዝህቀን መስርሕ ቀጻልነት ከም ዝኾነ ኢዩ ዘነጽረልካ: ክብርን ሞጎስን ንስውኣትና: ሓይልን ጽንዓትን ንሓርበኛታትና!!!

1970 እቲ ዘይሕሰብ ዝመስል ዝነበረ: ኣብ ሜዳ ኤርትራ መሰረታዊ ለውጢ ዘምጽኣ: ነቲ ዝነበረ ለይትና በዚ ናይ ሎሚ ህላዌና ዘውግሐ ነጥቦ መቐይሮ ኢዩ ተኻይዱ ምፍላይ ህዝባዊ ሓይልታት:: ማዕረ ማዕሪኡ ኸኣ: እቲ ንበይኑ ንሜዳ ኤርትራ ክብሕት ዝደሊ ዝነበረ: ብድሑር ኣውራጃውን ዓሌታውን ሕማማት ክሳብ ዓንቀሩ ተተኸቲኹ ዓቅሉ ጸቢብዎ ዝነበረ መሪሕነት ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ: ሜዳ ኤርትራ ካብ ሓደ ውድብ ንላዕሊ ኣይጸውርን ኢዩ ኢሉ: ኣብ ሞንጎ ክልተ የሕዋት ብጉባኤ መልክዕ ኩናት ሕድ-ሕድ ዝኣወጀሉ ዓመተ ምቕልቃል 1971: ብስም ሃገራዊ ጉባኤ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ: ናይ ዝሓለፈ ናይ ህልቂት ውሳኔ

ውን ሽው ኢዩ ነይሩ::

ህዝባዊ ሓይልታት ኣብ ክልተ መንቀራቕሮ ኢዩ ኣትዩ:: ብተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ይህደን: ብስርዓት ሃይለስላሴ ይህደን: ኩናት ግልፅ ገርገር ኣስፋሕፊሑ ክሳብ ከበሳ እቲ ህድና ቀጺሉ: ህዝባዊ ሓይልታት ግን ክምርከኽ ኣይተኻእለን:: ገና ካብ ውሽጥን ካብ ወጻኢ ሃገራትን ሓደስቲ መንእሰያት ኢዮም ክውሕዝዎ ተራእዮም:: እቲ ዝተናዕቀ እምኒ: እምነ ኹርናዕ ኮይኑ ዝወጻሉ መርሖ ኣዳለወ:: ነቲ እኪይ መጻብበ ክሓልፍ ግን: ከበላሓት ጥራይ ዘይኮነ: ዝያዳ ኹሉን ቅድምን ዕላማ ዘነጸረ ራኢ ሒዙ: ምስ ኩነታት ዝኸይድ ዝሰኸነ ጸለውታ ክረምትን ሓጋይን ዘይለዋውጥ: ናብ ሽትኡ ዘብጽሖ መትከል ክውንን ነይሩዎ:: በዚ መትከል እዚ ኣቢሉ ኢዩ 'ቲ በሊሕ መላጸ ሳላ ዝረገጸ! ክንዲ እምባ ኾይኑ ዝወጸ!!!!

ኣብ ግዳም ዝነበሩ ኤርትራውያን 'ውን: ነቲ ዝካየድ ዝነበረ ቃልሲ ኢዶምን እግሮምን ኣጣሚሮም ኣይተዓዘብዎን:: ነቲ ልኡኽ መግዛእታዊ ስርዓት ሃይለስላሴ: ናብ ከበባን ራዕድን ዝሸመም ክስተት ከኣ: ምትእኽኻብ ቦሎኛ ስዒቡ: ቦሎኛ ንምዝንጋዕን ምልሃይን ጥራይ ዝሓልፍ ግዜ ኣይነበረን:: እቲ መሰረት ከመይ ገይርካ ነቲ ኣብ ውሽጢ ሜዳ ዝካየድ ዝነበረ ቃልሲ: ብግዳም ኮይንካ ጸብርን ማእስን ኮንካ ተማሙቕ ኢዩ ነይሩ:: እቲ ዕላማ ሰሚናራት: ሲምፖዝዮማት ሰላማዊ ሰልፍታት: ኣብ ሳሕልን ከባቢኡን ጥራይ ተሓጺሩ ዝነበረ ሰውራ: ብዘደንቕ ፍጥነት ዓለማዊ መጋውሓቱ ኣንጎድጊዱ: ካብ ጻት ንጻት ዓለምና: ዘይሰዓር ሰውራ ምህላው ኣረጋገጸ::

መልእኽተኛ ስርዓት ሃይለስላሴን ኣሳሰይቱ ዓለማዊ ሓይልታትን: በቲ ሰውራ ኤርትራ ዝኸዶ ዝነበረ ግስጋሴ: ኩሉ ጉዕዞኦም ናብ እሾኽ ዝተቐየረሉ መስርሕ: እቲ ብቐደሙ ድኹም ዝነበረ ስርዓት ሃይስላሴ ጥራይ ዘይኮነ: እቶም ቀንዲ ዓንገልቱ 'ውን: ኣብ ፍጹም ሰንደልደል ዝኣተውሉ ግዜ ናይ ነጥበ መቐይሮ መድርኽ 1974: ናይ ኢትዮጵያ ሰራዊት ምክልኻል ምሉእ ብምሉእ: ኣብ ትሕቲ ምቁጽጻርን ምሕብሓብን ወትሃደራዊ ናውትን መቀያየሪ ኣቑሑትን ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ኢዩ ነይሩ:: ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ: ከም ድልየትን ሓሳብን ብዘይ ጣልቃ ምእታው ቅድሚ ውድቀት ሃይለ ስላሴ ኣብ 1974: ብጉዳይ ኤርትራ ዝምልከት ዝርርብ ክካየድ ትጽበ ነይራ ኢያ:: ብፍላይ ከኣ: ጽልዋ ዘለዎም ዝለዓለ ሓላፍነት ናይ'ቲ ንጉሳዊ ስርዓት ዝነበሩ ኣካላት: ነዚ ዘረባ በጨቕ የብልዎ ብምንባሮም ኢዩ::

ኣብ ሕዳር 1974: ናይ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ: ወትሃደራዊ ምክልኻል ስምምዕ ወትሃደራዊ ሓገዛት ምሕዳስ: ናብ ዘይተወሰነ ግዜ ከም ዝመሓላለፍ ምስ ገበሮ: ኮይኑ ግን: ኣብ መራኽብ ኩናትን: ሓይሊ ኣየርን: ታንክታት ብዕጽፊ ክፍሊት ዶላር ከም ዝኸውን ኢዩ ወሲኑ:: እቲ ወትሃደራዊ ሽማግለ ኣብ 1975: እዚ ኸኣ ነቲ ናይ'ቲ ከባቢ ወትሃደራዊ ሚዛን ኣዘናቢልዎ ኢዩ:: እቲ ውጺኢት ከኣ: ናይ ሶቭየት ሕብረት ወትሃደራዊ ሓገዝ ንሶማልያ ምስ እንምልከት: ዋሽንግቶን እንደገና ነቲ ሓሳብ ዳግመ ግምት ብምግባር: ንሰራዊት ኢትዮጵያ ኣብ ናይ ሰለስተ ዓመት መቐን ግዜ: ንታዕሊምን ኣጽዋርን ናይ $220 ሚልዮን (ክልተ ሚእትን ዕስራን ሚልዮን) ዶላር ቀረብ መቀያየሪ ወትሃደራዊ ንዋት: ኦርጂናል ስምምዕ ምስ ሪፓብሊክ ቬትናም (ደቡብ ቬትናም) ብምክያድ ኣሳሊጣ:: ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ብዘይካ እዚ: ሕጋዊ ምስግጋር F-5 ዝዓይነተን ነፈርቲ ኩናት ስኳድሮን ካብ ኢራን ናብ ኢትዮጵያ ኣሰጋጊራተን:: ብጠቕላላ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ: ናብ ኢትዮጵያ ዝሸጠቶ ወትሃደራዊ ኣጽዋር ካብ 1974: ክሳብ 1975: ኣብ ሓደ ዓመት ጥራይ: እቲ ዋጋ $35 ሚልዮን (ሰላሳን ሓሙሽተን ሚልዮን) ዶላር ኣሜሪካ ኢዩ ዝበጽሕ ነይሩ:: እዚ ግን ንህዝባዊ ሓይልታት ንድሕሪት ክመልሶ ኣይከኣለን:: ናይ'ቲ እዋን ንቤት ትምህርቲ ሰውራ ዝመስረቱ ህጻውንቲ: ነቲ ቀውጢ ዝመስል መድርኽ ከም'ዚ ክብሉ ደሪፎምሉ ነይሮም:- "ፋሽሽታዊት ደርግ ዓቕላ ምስ ጸበባ ዳኮታ F-5 ገይራ እንተደብዲባ: ዕጅብ ኣይብለናን ቀያሕቲ ዕምባባ!!!" ትማሊ ነዚ ብድሆ እዚ ክሰግሩ: ነዚ ዜማ እዚ ዘዚሙ ዝነበሩ ህጻውንቲ ኣባላት ቀያሕቲ ዕምባብ: ገለን ምእንታናን ምእንቲ እዛ ሓላል መሬትን: በጃ ክሓልፉ እንከለዉ:: ገለን ከኣ ከቢድ ስንክልና ወሪድዎም: ብርሃን ዓይኖም ሲኢኖም: ብርሃን ዝሃቡና ጀጋኑን: በተን ትማሊ! ትማሊ!! ንህላዌ ኤርትራ ከጽንታ ብልዕሊኦም ዝሸባ ዝነበራ: ዘበነን ዘሕለፋ ናይ ውግእ ነፈርቲ ዘይኮነስ: ምስ ዓለም ዝወዳደራ ዘመናውያን ነፈርቲ ኩናት ገይሮም: ነዛ ሃገር ኣለናልኪ ክብሉዋ እንከለዉ ክትሪኢ እንከለኻ: እቲ ጽንዓት ጥራይ ዘይኮነ: ዕምቆት ናይ'ቲ ራኢ ርሕቀቱ: ጌና ንዘመናት ነዛ ሃገር መሰለታ ቀይሩ: ልዕሊ ዓለማ ዝሰርዓ ምኳኑ'ዩ ዘነጽረልካ::

ዓመተ 1975 ግን: በዚ ኣይሓለፈትን: መቓልሕ ሰውራ ኤርትራ ንምድሪ ኤርትራ ብምንቅጥቃጥ: ነቶም ገዛእቲ ሓይልታት ልቦም ዘርበድብደሉ ዝነበር ህሞት: ዓለም ብምልእታ ብእትምልከቶ: እዘን ናይ ሎሚ ተሓለቕቲ ሰብኣዊ መሰል ኢና ዝብላ ዘለዋ: ኣምነስቲ ኢንርናሽዮናል: ሂማን ራይት ዎች ነዐን ዘዋፍሩ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካን: ዓባይ ብሪጣንያን: ብቐንዱ መደበር ቃኘው ኣስመራ: ዋላ እተን ገስገስቲ ኢና ዝብላ ማሕበርነት ኢና እንኽተል ዝብላ ሃገራት: ሶቭየት ሕብረትን ቻይናን ኩለን ምዕራብያን ሓይልታትን: ብፍላይ ከኣ ጉጅለ ሰብ ፍሉይ ረብሓ: ኣብ ማእከል ኣስመራ ህዝቢ ብጠያይቲ ክለሓስ ኣንከሎ: ብገመድን ስልኪ ኳሬንቲ ክሕነቕ እንከሎ: ብሓይሊ ኤሌትሪክ ሓሪሩ ክቕዘፍ እንከሎ: ንስለ ፍትሕን መሰልን ኢለን ሓንቲ ቓል ኣንጻር ስርዓት ደርግ ኣየወጽኣን:: ሪእየን ከም ዘይረኣያ ኢየን ሰጊረኦ:: ኮር ተገልበጥ ሎሚ ኸኣ: ሃገርና ንምህናጽ ኣብ እንጓየየሉ ህሞት: ከይተዓንቀፍና ትዕንቀፉ ኣለኹም ክብላና: ብማዕዶ ኮይነን ልዕሊ እቲ ኣነጺሩ ዝጥምት የዒንቲና ጎልቢበን: በዒንተን ክንነብብ ኢድና ክጠውያና ምፍታነን: ነቲ ናይ ትማሊ ዝረሳዕና ዶ መሲሉወን? ጉዕዞና ክቕጽል ኢዩ! ሰብ ዘይኮነ ታሪኽ ኢዩ ነባሪ!!!

ኣብ ዝቐጸለ ዓመተ 1976: ምዕባሌታት ኣብ ሞንጎ ዋሽንግቶንን ኣዲስ ኣበባን: ደድሕሪ እቲ ዝሰዓበ ወትሃደራዊ ምምኽኻር ፕሮግራም: ስርዓት ደርግ ንናይ ወትሃደራዊ ዕድጊ ወጻኢ ፖሊሲ ናይ ልቓሕ ውዕል ሰሪዝዎ:: ምኽንያቱ: ዋሽንግቶን በቲ ዝለዓለ ደረጅኡ ናታ ረብሓ ጥራይ ተቐድም ስለ ዝነበረት: ብዘይካ እዚ 'ውን: መንግስቲ ኢትዮጵያ እቲ ሕብረት ሶቭየት ንሶማልያ ተዕጥቓ ዝነበረት: ኣዝዩ ዘመናዊ ዝኾነ ኣጽዋር የሰክፎን የተሓሳስቦን ነይሩ ኢዩ:: ብዝኾነ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ: ዳግመ ኸለሳ ብምኽያድ: ዳግማይ ኣብ;ቲ ዓመት እቲ: ናይ $60 ሚልዮን (ሱሳ ሚልዮን) ዶላር ፕሮግራም ብምንዳፍ: ኣብ ጉዳይ ወትሃደራዊ ምድምሳስ ምንቅስቓስ ኤርትራ ኣጥፊኡ ኢዩ:: ናይ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ናይ ኮንግረስ ኮሚቴ ወግዓዊ ጸብጻባት: መንግስቲ ኢትዮጵያ ናይ ሕቡራት መንግስታት ስትራተጂካዊ ጸላኢ ዘይኮነስ: ነዚ ጉዳይ ብስልቲ ዝሓዞ ኢዩ ክብል ኢዩ ደምዲሙ::

ህዝባዊ ሓይልታትን ዑስማን ሳልሕ ሳበ



2 ይ ክፋል ይቕጽል

ግዱሳት ተጸናጸንቲ እከይ ውዲታት
gdusattsenatsenti@gmail.com